# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.14 ረቡዕ 17 መስከረም 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ንሃገራት ዩረሽያ ዝጠርነፈ. . .


ገጽ 4
ፕሮስ-ሰይን


ገጽ 8
ዕላማ ህይወት


ገጽ 11
ካልኣይ ዙርያ ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ይቕጽል

## ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ስልጠና ምድጅታል ፈነወታት ሬድዮን ቴለቪዥንን ተዋሂቡ




ስእሊ. ኣብራሃም በየነ

ሚኒስትሪ ዜና ምስ ኮርፖረሽን ኣህጉራዊ ዜናዊ ምትሕግጋዝ ቻይና (CBIC) ብምትሕብባር፡ ካብ 2 - 16 መስከረም ብምድጅታል ፈነወታት ሬድዮን ቴለቪዥንን ዘሰልጠኖም 78 ኣባላቱ ኣመረቑ።

እቲ ኣብ ጽሑፋዊ፣ ቀረጻን ኣርትዖትን ተንቀሳቓሲ ስእሊ፣ ከምኡ'ውን ምህንድስናዊ መዓያት ዝሰርሑ ሞያውያን ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ኣብ ስራሕ ዘኽስት ብድሆታት ፈነወ ብእዋኑ ንምእራም ዝሕግዝ ኮይኑ፡ ምድጅታል ፈነወ ሬድዮን ቴለቪዥንን፣ ሜላታት ምምእራርን ኣጸሓሕፋን ዜና፣ ኣገባብት ምስኣል ተንቀሳቓሲ ምስሊ (ቪድዮ)፣ ምፍራይ ሰብዘሰርሖ ብልሒ ዘመንጨዎ መደባት ሬድዮን ቴለቪዥንን፣ ምዝርጋሕ ሓበሬታ ብዝበዝሓዊ መድረኻት፣ ብሰብዘሰርሖ ብልሒ ዝተደገፈ ጋዜጠኛነት፣ ከምኡ'ውን ልዑል ደረጃ ቴክኖሎጂ 'ሲነማቶግራፊ' ዝዓቀፈ እዩ።

ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኣገዳስነት ስልጠና ኣብ ምጉልባት ከለንትናዊ ዓቕሚ ኣባላት ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ንደረጃ ፍልጠት ኣባላት ኣብ ኸሲጋስ ዜናዊ ቴክኖሎጂ ብሓፈሻ፡ ኣብ መዳይ ሰብዘሰርሖ ብልሒ ዝጸንሐ ምቕላል ኣፍልጦን ፍርያትን ንምድንፋዕ ድማ ብፍላይ ዝተወደበ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምብጽጋስ ዝርከብ ምዝርጋሕ ዜናዊ ፍርያት ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት 'X' (ትዊተር)፡ ዩትዩብ፡ ኢንስታግራም፡ ፈይስቡክን ተኻየደ፡ ከምኡ'ውን ፖድካስት ብዘላቕዎ ከምዝሰራሓሉ ገሊጹ።

እቲ ስልጠና ዘጠቓልሎ ዛዕባታት እዋናውን ኣገዳስነት ከምዝኾነ ዝሓበረ ሚኒስተር የማነ፡ ክውን ክኸውን ብዘተወፈየት ንዝጸዓሩ ኣካላት ብስም ሚኒስትሪ ዜና ኣመስጊኑ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ዳይ ዲማኦ ድማ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ዝምድናታት ንምድንፋዕ ዝቐየድ ጸዕርታት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ጽላት ዜና ንምምዕባል ዝግበር ሽርክነታዊ ስራሕ ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ሰፊሕ ዕድላት ከምዝሎ ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ንዝነበሮም ፍልጠት ዘዕበ፡ ንዝያዳ ውጽኢታዊ ስራሕ ዝደርኽ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ምስ ዘጸንሖም ፍልጠትን መረዳእታን ኣሕቢሮም፡ ንምዕባለ ዜናዊ ስራሓት ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ኣረጋጊጹ።

## ክፍሊ ካዳስተር፡ መስርሕ ግድነታዊ ምዝገባ ክስራሓሉ ምኳኑ ገሊጹ

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝመሓደር ክፍሊ ካዳስተር፡ ህላወን ምሉእነትን መብቁላዊ ሰነዳት ንምርግጋጽ፡ መስርሕ ግድነታዊ ምዝገባ ክስራሓሉ ምኳኑ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ ሃብተሚካኤል ወልደገርገስ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ዕማም ናይ'ቲ ክፍሊ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ምዝገባ ንብረት ቍጽሪ 95/1997፡ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኰነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን፣ ምስ'ቲ ንብረት ዝተኣሳሰር መሰላትን ግቡኣትን፣ ብመሸጣ፡ ውርሻ፡ ህያብ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ዝትግበር ሕጋዊ ምትሕልላፍ፣ ትሕጃን እገዳን ምስራዝን ምልዓልን፣ ትካላት መንግስቲ ዝግልገላሉ ቀዋሚ ንብረትን ንስርሓት መንግስቲ ዝተሓዝአ መሬትን፣ ከምኡ'ውን ብመሰል ጤሳ፡ መሰል ተጠቃምነት መሬት ሕርሻን መሰል ክራይን ዝዕደል መሬት ሕጋውነቱ ኣረጋጊጽካ ምምዝጓብን መረጋገጺ ምሃብን ከምዝጠቓልል ኣፍሊጡ።

እቲ ስርዓት ምዝገባ፡ ሓዲ ዝዓይነቱን ብቐሊል ዝምስራሕን ኮይኑ፡ ቃጽያ መሬት ንደረጃ ከባቢን ምዕባለኡን፡ ከምኡ'ውን ንኢቃወማ ደብት ኣዘኢሩ ዘርኢ ካርታ ወይ ንድፌ ካርታ ዝቐርብን ዝሰነደን ምኳኑ ዝሓበረ ኣቶ ሃብተሚካኤል፡ መስርሕ ምዝገባ ንብረት ንኹሎም ዓማዊል ሰሉጥን ቀሊልን ንምግባር፡ ዘመናዊ ካዳስተራዊ ስርዓት ምምዕባል ራኢ ናይ'ቲ ክፍሊ ምኳኑ ብምሕባር፡ ውሑስ ምትሕልላፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንምርግጋጽ፡ ብመንግስታዊ ሕጊ ዝምሕል፣ ተኣማንነት ሰነዳት ዘረጋግጽን ውዕላት ዘመሳኽርን ብዓልስልጣን - ፓብሊክ ኖታሪ መዘዙ ይሰርሕ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ብተወሳኺ፡ ሕጋዊ ተፈላጥነት ብምሃብ፡ ውሕስነት ዋንነት ንብረትን መሰል ተጠቃምነት መሬትን ብምርግጋጽ ንወፍሪ ምትብባዕ፣ ምስሕሓብትን ክርክራትን ኣብ መሬትን ንብረትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ብልሽውናን ምውሓድ፣ ንውጥንን ፖሊሲን ዝሕግዝ ስታትስቲካዊ ሓበሬታ ምሃብ፣ ኣበ'ቲ ቤትጽሕፈት ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብምትሓዝ ካብ ባንክ ምልቃሕ ኮነ ንውሕስና ምግልጋል፣ ብዝዕባ ኩነታት ንብረት ንዝደግዞ ሓበሬታ ምሃብ፣ ከምኡ'ውን ኣቐዲሙ ዝተመዝገበ ንብረት ብስሉጥ ምስግጋር፡ ካብ ረብሓታት ካዳስተራዊ ምዝገባ ከምዝኾኑ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ሃብተሚካኤል ኣሰዒቡ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2025 ዝተመዝገበ 1,015፡ ዝተዘለለ መንበሪ ኣባይቲ ክኸውን ከሎ፡ 153 ትካላትን ንግድን ሕርሻን፡ 86 ድማ ትሕጃ፡ እገዳን መዘክርን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ዛጊት 3,769 ብንብረት፡ ኣስታት 8 ሽሕ ብፋይል ሰነዳት ዝተታሕዙ ክኾኑ ከለዉ፡ 4,908 ተጸኒዮምን ተለልዮምን ምህላዎም ሓቢሩ።

ንናይ መጻኢ መደባት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ግድነታዊ ምዝገባ መሬት ንጉዳዊ ሕርሻን ኣባይትን፡ መረዳእታ ህዝብን ትካላት መንግስትን ብዛዕባ ካዳስተራዊ ምዝገባ ምዕባይ፣ ካዳስተራዊ ሓበሬታ ንጽሑፋውን ስእላውን ዳታ ከምዝጠቓልል ምግባር፣ ከምኡ'ውን ናይ ቀደም ዝተመዝገበ ሰነዳት ንብረት ንምውሓስን መብቁላውነቱ ንምትእስሳርን ኣብ ኤሌክትሮኒካዊ ዳታ ምስፋርን ካልእን ከምዝጠቓልል ኣፍሊጡ።

ካዳስተራዊ ስርዓት ምዝገባ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ 1888 ኣብ ከተማ ባጽዕ ከምዝጀመረ፡ ሰነዳት የርእዩ።





ስእሊ. በረኸት የማነ

ዜና

# ጋሽ ባርካ - ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሐ ተሓቢሩ



ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ኣብ ክረምቲ 2025 ዝተዘርአ ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ዘራእቲ ኣቶ ነጋሲ ሃብተሚካኤል፡ ንሓፈሻዊ ኩነታት ዘራእትን ብጺሑዎ ዘሎ ደረጃን ኣመልኪቱ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ'ቲ ክሕረስ ዝተወጠነ 290 ሽሕ ሄክታር፡ እቲ 93 ሚእታዊት ከም እተሓርሰ ገሊጹ።

ዝናብ ደንጒዩ ብምጅማሩ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ኣዝመራ ዘራእትን ስፍሓት ዝተሓርሰ መሬትን ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝበጸሐ ዝሓበረ ኣቶ ነጋሲ፡ ሳላ ልዑል ጻዕሪ ሓረስቶትን ኣበርክቶ ትራክተራትን፡ ዝሰፍሐ ክፋል ተዘሪኡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ኣረዲኡ።

ኣቶ ነጋሲ ብተወሳኺ፡ ካብ ዝተሓርሰ ስፍሓት እቲ ልዕሊ 186 ሽሕ ሄክታር ብዘመናዊ ኣገባብ፡ እቲ ዝተረፈ ድማ ብዩታዊ ኣገባብ ከም እተሓርሰ ብምሕባር፡ ኣእካል 87 ሚእታዊት፡ ናይ ቅባእ ኣዝርእቲ ልዕሊ 11 ሚእታዊት፡ ጥረታት ድማ 1.2 ሚእታዊት ከምዝሸፍን ኣብሪሁ።

ካብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ጽቡቕ ዓቐንን ዝርግሐን ዘለዎ ዝናብ ይዘንብ ብምህላዉ፡ ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ድሒሩ ዝተዘርአ ብምህላዉ፡ ግን ደረጃ ዕቤት ከምዝፈላለ ገሊጹ።

ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት መሸላ ኣብ ደረጃ ገሲያን ምፍላይ ብርክን፡ ብልቱግ ድማ ኣብ ደረጃ ምምዓጉን ምውላድን ከምዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ነጋሲ፡ ሓረስቶት ዘራእቶም ብዕቱብ ክከታተሉ፡ ተርእዮ ባልዓት ኣብ ዝኽሰተሉ ከኣ ንዝምልከቶ ኣካል ቅልጡፍ ሓበሬታ ክህቡ ኣዘኻኺሩ።

# ኣፍዓበት - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምምሕያሽ ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብኣስታት 39 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየ ተገሊጹ።

ብ12 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ኣስታት 31.6 ሚእታዊት ዝነበረ መጠን ምሕላፍ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ናብ 43.9 ሚእታዊት ከምዝደየበ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓመድ ዓሊ እድሪስ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ ዝኸፈቶ ሓለፍቲ ትካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ከምኡ'ውን ሱፐርቫይዘራትን ዳይረክተራትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ንዝተሰላሰለ መደባት፡ ዝተመዝገበ ዓወት፡ ከምኡ'ውን ዝተራእየ ጸገማትን ሕጽረታትን ዘጠቓልል ዝርዝራዊ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ኣብ ተሳታፍነትን ብቕዓት ትምህርትን እውን ምምሕያሽ ይርአ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዋሕዲ መማህራንን ክፍልታትን መሰረታዊ ፍታሕ ምስ ዝረክብ፡ እቲ ዕቤት ብዝለዓለ ከምዝቕጽል ዝኣመነ ሓላፊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር ኣብር መሓመድ፡ ህዝቢ ንመማህራን ንዝገብሮ ደገፍ መጒሱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ወጽኢት ትምህርቲ ዝተራእየ ኣወንታዊ ለውጢ ንምድልዳል ... ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ... [as printed:] ኣብ ወጽኢት ትምህርቲ ዝተራእየ ኒሕጋስ ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ፡ ወህደት ሕብረተሰብ፡ ትካላት መንግስትን ኣካላት ትምህርትን ብዝለዓለ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ምድንፋዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዘተኩረ ገስጋስ ክሕይል፣ ዋሕዲ መማህራንን ክፍልታትን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ባህላዊ ንጥፈታት ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ክብ ክብል፣ ንመማህራን ዝገበር ምትብባዕ ክደፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ወለዲ ንደቆም ዝሁብዎ ምክትታልን ምትብባዕን ክዕዘዙ ዝብሉን ካልእን ርእይቶታት ሂቦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታትን ገስጋስ መደባት ልምዓትን ከምዝዘተዩ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንኩነታት ዝናብ ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ሂቡ

ሎሚ ዓመት ብዝተማዕደ ደሓን ዝኾነ ዝናብ ከምዝዘንበ፣ ናይ ምቕጻል ተኽእሎ'ውን ከምዘለዎ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ - ንኩነታት ክረምቲ ሎሚ ዓመትን ዞባዊ ትንበያትን ኣመልኪቱ ኣብ ዘለኣኾ ሓበሬታ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ሓላፊ ኣሃዱ ሜትዮሮሎጂ ሕርሻ ኣቶ ተኸስተ ወልደጊዮርጊስ ብዝሃቦ ሓበሬታ መሰረት፡ ንኩነታት ዝናብ ክረምቲ ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም 2025 ብዝምልከት ዝነበረ ትንበያ፡ ዝበዝሐ ካብ'ቲ ዝናብ ክረምቲ ዝጸበ ክፋል ሃገርና 55 ሚእታዊት ንቡርን ልዕሊ ንቡርን ዝናብ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ከምዝህልዎ ዝእምት'ዩ ነይሩ።

ብመንጽር'ቲ ትንበያ ድማ፡ ካብ'ተን ኣብ መላእ ሃገር ዘለዋ 212 ዝናብ ዝዕቅና ነቑጣታት፡ እተን 161 ነቑጣታት ንዝናብ ዝምልከት ሓበሬታ ከምዝለኣኻ ዝጠቐሰ ኣቶ ተኸስተ፡ ብደረጃ ሃገር ጽቡቕ ዝርጋሐ ዝነበሮ ዝናብ ከምዝወቐዐ ኣብሪሁ።

በዚ መሰረት፡ ብደረጃ ሃገር - ዋጋ 26 ናይ ዝናብ መዓልታት ብምርካብ ብድምር 904.4 ሚሊ-ሜተር ዝናብ ብምምዝጋብ ኣብ ቀዳማይ ክትስራዕ ከሎ፡ ሰንዓፈ፡ መንደፈራ፡ ገረሚን ቅናፍናን ንዋጋ ተኸቲለን ዝለዓለ መጠን ዝረኸባ ከምዝኾና፡ ዛጊት እተን ዝተሓተ ዝናብ እተመዝገበለን ድማ፡ ነቑጣታት ዓዲ-ጋውል፡ ኣዩመን፡ ሽዕቡመንሸብ፡ ፎሮን ጠያን ምንባረን ተፈሊጡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ተኸስተ፡ ሰሙናዊ ትንበያን ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ዝናብን፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝናብ ብደሓን መጠን ክቕጽል ከምዝኽእል ዝእምት ስለዝኾነ፡ ሓረስቶት ዘድሊ ጥንቃቐታት ምሕደራ ማይ ክገብሩን ግራውቶም ብጥበእ ክጽህዩን ክከታተሉን ይምሕጽን።

# ማይ ዓይኒ - ቁጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓረሳ ኣዴታት ብ65 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ተገሊጹ

ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣገልግሎት ሕርሰን ክታበትን ንዝበዝሐ ዓድታት ዘማዕበለ [as printed:] ን62 ዓድታት ዘማዕበለ ... [as printed:] ን62 ዓድታት ዘዋሃበ ኣገልግሎት ትህብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ታ ትካል ጥዕና ነርስ ፍቅረማርያም ሃይለ ሓቢሩ።

ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ንምዕባይ በቲ ዝተገብረ ገስጋስ ኣተኣማኒ ውጽኢት ይርከብ ከምዘሎ ዝሓበረ ነርስ ፍቅረማርያም፡ ኣብ'ዚ ዓመት ክትትል ቀዳማይ ሕርሲ ብ12 ሚእታዊት፡ ኣብ ትካል ጥዕና ናይ ዝሓረሳ ኣዴታት ቁጽሪ ድማ ብ65 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ኣብሪሁ።

ንክታበት ህጻናት ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ 8 ነቑጣታት ክታበት ናይ 13 ሕማማት ከምዝተዋህበ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ክረአ ከሎ ሽፋንኡ 82 ሚእታዊት በጺሑ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሕማም ሸኮርን ጸቕጢ-ደምን ዝኣመሰሉ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብዝበዝሐ ይረኣዩ ስለዘለዉ፡ ልዕሊ 40 ዓመት ዝዕድመኦም ኩነታት ጥዕናኦም ንምፍላጥ ናብ ትካላት ጥዕና ክቐርቡ፡ ነርስ ፍቅረማርያም ኣብ መግለጺኡ ኣዘኻኺሩ።

ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ፡ ኣገልግሎት ተመላላሲ ሕሙማት፡ ወለንታዊ ምኽርን መርመራን፡ ከምኡ'ውን ክታበትን ምክትታል ሕርሰን ትህብ።

ምስ'ዚ ብዝተኣሳሰር፡ ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ማይ-ዓይኒ፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምግታእ፡ ኣብ ክረምቲ ዝተፈላለየ ሚእቶታዊ ንጥፈታት ከምዝካየዱ ተፈሊጡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል፡ ማእከል ጥዕናን መደበር ጥዕናን ንህዝቢ ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ ይፍለጥ።

# ደቀምሓረ - ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ ጥንታዊ ኣሰራት ተረኺቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ - ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ ብዝተገብረ ኩዕታ፡ ሓደሽቲ ጥንታዊ ኣሰራትን ቅርሲታትን ተረኺበን።

እቲ ኣብ እግሪ ጎቦ ሃዳሙ ዝተረኽበ ኣሰራትን ቅርሲታትን፡ ዓታሩ፡ ዝርከቦ ዝተፈላለየ ስርሓት ካይላ፡ ዕንቍታት፡ ሰልማት፡ ከምኡ'ውን ኣዕጽምቲ የጠቓልል።

ኑቲ ኩዕታ ዝመርሐ ተመራማሪ ሰ-ጥንቲ ዶ/ር ጺጋይ መዲን ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ብጥንታዊ ቅርሲታት ሃብታም ስለዝኾነ፡ ኳዂ ዝትግበር መደባት ልምዓት ዝተፈላለየ ኣሰራትን ቅርሲታትን ይርከብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ 2006 ኣብ ከባቢ ኣውለዕሮ፡ ኣፈልባ፡ ኮርባርያ፡ መጻሉን ሃዳሙን ሓፈሻዊ መጽናዕቲ ተኻዪዱ ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ዶ/ር ጺጋይ፡ ኣብ ልምዓት ተዋፊሮም ዘለዉ ዜጋታት ግንዛበኦም ኣብ'ቲ ዓውዲ ክብ ክብልን ንዝረኽብዎ ቅርሲታት ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ከመሓላልፉን ተማሕጺኑ።



ሓላፊ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ ኪዳን ፍስሃየ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ መስርሕ ኩዕታ ተሳትፎ ህዝቢ ዕዙዝ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ንቕሓት ክቕጽል ትጽቢት ከምዝገበር ኣረዲኡ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ንሃገራት ዩረሽያ ዘጠርነፈ ዋዕላ ሻንግሃይ

ካብ መወዳእታ ኑሓሰ ክሳብ መስከረም 3 ኣብ ዝነበረ ቅንያት፡ ቻይና ክልተ ዓበይቲ በዓላት ኣኣንጊዳ ነይራ። እቲ ቀዳማይ - ዋዕላ 26 መራሕቲ ሃገራት ዝተሳተፍዎ 'ውድብ ምሕዝነት ሻንግሃይ' ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ መበል 80 ዓመት ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝዝክረሉ ወተሃደራዊ ሰልፊ እዩ ነይሩ። ክልተኡ በዓላት በበይኑ ተልእኾ ዘለዎ እኳ እንተ ነበረ፡ ዘመሓላልፎ ተወራራሲ መልእኽቲ ግን ነይሩዎ። ካብ ምዕራብ ኤውሮጳ ክሳብ ኣመሪካ ዘቢጋሮ ግብረ መልስታት፡ ኣብዚ ቅንያት እዚ ንማዕከናት ዜና ዓለም ዓብሊሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ኣብዚ ክልተ በዓላት፡ መራሕቲ ሩስያን ቻይናን ኢቓልቦ ብዙሓት ተዓዘብቲ ዝሰሓቡ ተሳተፍቲ ኮይኖም፡ ካብ ምምስራት ሓድሽ ስርዓት ምሕደራ ዓለም ክሳብ ዕድመ ሰብ ናብ 150 ዓመታት ዘብጽሕ ሕክምናታት ኣልዒሎም ከም ዘዕለሉ ጸብጻባት ኣረዲኦም። ወራሲት ስልጣን ከም እትኸውን እትግመት መንእሰይ ጓሉ ሐዙ ኣብቲ በዓላት ዝተሳተፈ መራሒ ሰሜን ኮርያ እውን ማዕከናት ዜና ዓቢ ኣቓልቦ ሂበንኦ ቀንየን።

ዋዕላ ምሕዝነት ሻንግሃይ፡ ቻይናን ሩስያን ኣብ ኣመሰራርታ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ዘለወን ራእያት ዝገለጻሉ እዩ ነይሩ። እዚ 'ሻንግሃይ ሓሙሽተ' ብዝብል መጸውዒ ኣብ 1996 ዝተመስረተ ቁጠባውን ጸጥታውን ቀጽሪ፡ ኣብዚ እዋን ልዕሊ 10 ሃገራት ከም ኣባላት፡ 14 ሃገራት ከኣ ከም "መሻርኽቲ ልዝብ" ዝሓቘፈ እዩ። ስርዓት ሓደ ቀጽሪ ዓለማዊ ምሕደራ ንምፍራስ ተበጺሑ ዘሎ መሳጥር ንምትብባዕ፡ ቻይና ዝ. ውድብ ፋይናንሳዊ ሓገዛት ክትልግሰሉ ከም ዝኾነት ቃል ኣትያ ኣላ።

ፕረዚደንት ሺ፡ "ኣንጻር ዓብላልነትን ምልካዊ ፖለቲካን እናተቓወምና፡ ንጹር መርገጺ ሒዝና ብዙሕነት ዝረጋገጸ ርክባት ክንተባበዕ ኣለና" ክብል እንከሎ፡ መራሒ ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ከኣ፡ "ኣብ ዘለናዮ ዞባ ዩራሺያ ሓድሽ ስርዓት ምርግጋእን ጸጥታን ዘውሕስ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሰረት ብምህናጽ፡ ኣብ ብዙሕነት ዝተመርኰሰ ዝምድናታት ክነቢጋግስ ኢና" ኢሉ።

ዋዕላ ምሕዝነት ሻንግሃይ ባዕሉ ዘውንኖ ናይ ልምዓት ባንኪ. ምእንቲ ክምስርት፡ ቻይና 280 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከም እትህበን፡ ኣባል ሃገራት ከም ልቓሕ ዝጥቀማሉ ከኣ 1.4 ቢልዮን ዶላር ከም እትልግሰን ኣፍሊጣ ኣላ። መራሕቲ ሩስያን ቻይናን ክሳዕ ሕጂ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ዓለም ብሒተን ንዝጸንሓ ከም ዓለማዊ ባንኪ፡ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን (ኣይኤምኤፍ) ዓለማዊ ውድብ ንግዲን ዝኣመስሉ ትካላት ምዕራብ ዝትክእ - ናጽነት ሃገራት ዘይትንክፍ ፋይናንሳዊ ትካላት ክምዕብል ከም ዘለዎ እየን ክገልጻ ቀንየን።

ዋዕላ ምሕዝነት ሻንግሃይ ካብ ዝምስረት 24 ዓመታት እኳ እንተ ገበረ፡ ከም ናይ ሎም ዘበን ገይሩ ሓድነቱ ኣሐዩሉ ተዓዚዩ ከም ዘይፈልጥ ግን ጸብጻባት የረድኡ። ብጠበይኡ ምኽንያታት ንግዲን ደብትን ክሱላላብ ዝጸንሓ ሃገራት፡ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ዝተጠርነፉሉ ግዜ ከም ዝነበረ ድማ ምንጭታት ይሕብሩ። እዚ ከኣ፡ ኣመሪካ ዳርጋ ካብ ኩለን ሃገራት ዓለም ንዝኣቱ ሸቐጣት ናይ ቀረጽ ወሰኽ ብምስላዓ ዝርግርግ ዝኣተዎ ዘሎ ዕዳጋታት ኣንፈት ዘትሕዞ ሜላ የናዲ ከም ዘሎ ዘርኢ. ምዃኑ፡ ተንተንቲ የረድኡ።



ኣብ ናይ ቻይና ከተማ ትያንጂን ክካየድ ዝቖየ ዋዕላ ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ልዑል ኣቓልቦ ረኺቡ ከም ዝቖየ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምስቲ ሰዒቡ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ምርኢት ቻይና፡ ዶናልድ ትራምፕ 'ሰለስተኦም መራሕቲ ተሻርዮም ውዲት ከዋድዱሉ ከም ዝቖዩ ገይሩ' ከም ዝቖጸሮ ክገልጽ እንከሎ፡ መራሒ. ፊንላንድ ኣለክሳንደር ስታብ ከኣ፡ "ዝጸንሓና ኣረኣእያ ኣብ ደብባዊ ዓለም ክንቅይር ከም ዘለና ዝሕብር ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ" ብምባል ገሊጹዎ። እቲ ፊንላንዳዊ መራሒ፡ "ምዕራባውያን ናይ ብሉቐ ከሰርና ኢና፡" ድሕሪ ምባሉ፡ "ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ህንዲ ዘሸከሞ ወሰኽ ቀረጽ፡ ህንዲ ዝበለጸ ኣማራጺ ንምርካብ ናብ ቻይናን ሩስያን ክትጽጋዕ ገይሩዋ ኣሎ" ክብል ተዛሪቡ። ወሲኹ ድማ፡ "ስግምትታት ምዕራባውያን፡ ምዕራባዊ ዓለም ክቢታተን፡ ሻርነታት ክፍጠርን ብዙሕነት ዘለዎ ቀጽሪ ክዝሃደን ዝድርኽ እዩ" ክብል ኣረዲኡ።

## ምዕቡል ቴክኖሎጂ ኣጽዋራትን ዕምሪ ወዲ ሰብ ናይ ምንዋሕ ዕላላትን

ድሕሪ ዋዕላ ምሕዝነት ሻንሃይ፡ ኣብ ከተማ በይጂንግ ኣብ ዝርከብ ኣደባባይ ትያናመን ማዘከርታ መበል 80 ዓመት ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ወተሃደራዊ ምርኢት ተኻይዱ ነይሩ።

ኣብ ቻይና ዝማዕበለ ሓደስቲ ኣጽዋራትን ኣብ ሃገራት ምዕራብ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብዝተራቐቐ ቴክኖሎጂ ዝተማህዘ ናይ ካልእ ውግእ መሳርሒታትን ቀሪቡ ነይሩ። ኣብ ኣመሪካ ኩይኑ ዝከታተል ዝነበረ ፕረዚደንት ኣመሪካ፡ " ክዕዘቦ እዩ ኢሉም ሰለ ዝጸበዩ ይዕዘብ ኣለኹ" ብምባል፡ ብዙሕ ባህጊ. ከም ዘይጉበረሉ ገሊጹ ነይሩ። ንጸባሒቱ ግና፡ መራሒ. ሩስያን ሰሜን ኮርያን ኣብ ዝተረኽቡሉ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ኣንጻሩ ዝሻረወ ውዲት ገይሩ ከም ዝቖጸሮ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታቱ ጽሒፉ። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ኣመሪካ ንቻይና ዘበርከተቶ ወተሃደራዊ ሓገዝ ሞሳ ከይተዋህቦ እቲ ወተሃደራዊ ምርኢት ምሕላፉ እውን ነቒፉ።

እቲ ምዕቡል ኣጽዋራት፡ ቅዳሕ ቅድሚ ሕጂ ዝተሰንዐ ኣጽዋራት ዘይኮነስ፡ ብዓይነቱ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብዙሕነት ዘለዎ ከም ዝኾነ፡ እዚ ከኣ ቻይና ሓዳስ ማእከል ሓይሊ. እናኾነት ትመጽእ ከም ዘላ ዘርኢ. ምዃኑ፡ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብቲ ወተሃደራዊ ምርኢት ካብ ዝቐረቡ ኣጽዋራት፡ ' ቀታሊ. ግዋም ' (Guam killer) ዝተሰምየ ተወንጫፊ ሚሳይል፡ ሓደስቲ ዓይነታት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎም ከም እንስሳ ዝሰጉሙ 'ተኹላ' ዝተባህሉ ሮቦታትን ምጥቃስ ይከኣል። ግዋም፡ ኣብ ፓስፊክ ትርከብ ኣዝዩ ገዚፍ ናይ ኣመሪካ ወተሃደራዊ መዓስከር ዝርከበላ ደሴት እያ።

ኣብዚ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ቻይና ብዓይነቱ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘይተማህዘ ዝተፈላለየ ኣጽዋራት ከም እትውንን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ሓደስቲ ኣጽዋራት ብዝበዝሒ. ከተፍርየሉ ኣብ እትኽእል ደረጃ ምብጻሓ'ውን ዘርኢ. ምዃኑ ምዕዛብ ይከኣል። ዝማዕበለ ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ. ካልኦት ዝተጠርየ ኣጽዋራት ጸብለልታ ከም ዘለዎ ዘርኢ. እዩ።

ካብ'ቶም ኣብ ቻይና ዝተራእዩ ኣጽዋራት - ኣዕናዊ ተተኳሲ. ክሰኩሙ ዝኽእሉ ኣህጉር ኣቋራጭ ሚሳይላትን፡ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ቦምባታት ጸይሮም ክውንጨፉን ኣብ ዝኾነ ነቑጣ ዓለም ክዛበጡን ዝኽእሉ ሚሳይላት ነይሮም። ብተወሳኺ፡ ልዕሊ. ፍጥነት ድምጺ. ዝትኩሱ ጸረ መራኽብ ተወንጨፍትን፡ ካብ ተቓዋሚ ንዝትኩስ መከላኸሊ. እናሸኽዑ ዝጉዓዙ ሚሳይላትን'ውን ቀሪቦም ነይሮም። ብትሕቲ ባሕሪ ከም ሳብማሪን ዝጉዓዝ ድሮንን ማዕረ ተዋጋእቲ ነፈርቲ እናበረረ ሓገዝ ዝህብ ሰላሕታ (stealth) ሰብ ኣልቦ ነፋሪትን እውን ተራእዮም ነይሮም። እቲ ምርኢት፡ ኣብ ልዕሊ. እቲ ንቻይና ዝህባ ጸብለልታ ዘመናዊ ኣጽዋራት፡ ማሱላቢ. ዕዳጋ ክኸውን ከም ዝኽእል እውን ይግመት። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ. መሸጣ ኣጽዋር ቻይና ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ. ክብ ከም ዝበለን ተደላይነቱ እናኣመሰከረ ከም ዝኸደን ብብዙሓት ወገናት ይዝረብ ስለ ዘሎ።

እቲ ወተሃደራዊ ምርኢት ብኣካል ተረኺቦም ዝዕዘቡ ዝነበሩ መራሒ. ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ. ጂን ፒንግን ኣብ ከቢድ ዕላል ተጸሚዶም እንከለው፡ ናብ ማዕከናት ዜና ቻይናን ካልኦት ሃገራትን ብቐጥታ ዘመሓላልፍ 'ማይክሮፎን' ተኸፊቱ ጉድም ንዝዝበልሉ ዝነበሩ ዕላላት የሕልፍ ነበረ። ብዕላል ዕላል ናብ ኣርእስቲ ምዕቡል ሕክምናን ምንዋሕ ዕምሪ ሰብን ተሰጋጊሮም፡ ኣብዚ እዋን ክየበር ብዝዕባ ዝኣክል ሜላታት ሕክምና ዝተዛረብዎ ብቐጥታ ብህዝቢ. ይሰማዕ ነበረ።

ፑቲን ብሩስኪ. (ቋንቋ ሩስያ) ክዛረብ እንከሎ ናብ ማንዳሪን እናተተርጎመ፡ ሺ. ብማንዳሪን ዝዛረቦ ከኣ ናብ ሩስኪ. ዝትርጉሙ ተርጎምቲ ብቋንቋታት ሩስኪ.ን ማንዳሪንን የሕልፍዎ ነበሩ። ህዝቢ. ቻይናን ሩስያን ከኣ፡ ነቲ ዕላላት ይከታተል ነበረ። "ቀደም፡ 70 ዓመትን ልዕሊኡን ዝነበረ ሰብ ምርኣይ ልሙድ ኣይነበረን። ኣብዚ. እዋን ግና፡ ወዲ. 70 ዓመት ሰብ ቈልዓ እዩ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ" ይብል ሺ. ጂንፒንግ።

ፑቲን ከኣ፡ "በዚ. ዝምዕበል ዘሎ ስነ ህይወታዊ ቴክኖሎጂ፡ ናውቲ ኣካላት ሰብ ብቐጻሊ. እናቐየርካ ሰብነት ካብ ንእሽቶ ናብ ንእሽቶ እናተመልሰ ንሞት ክሰዕሩ ኣብ ዝኽእልሉ ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ" ብምባል ይምልስ።

"ኣብዚ. ዘለናዮ ዘበን፡ ዕምሪ ሰብ ክሳብ 150 ዓመት ዝበጽሓሉ ግዜ ከም ዝህሉ ይግመት፡" ኢሉ ኸኣ ሺ. ነቲ ዕላል የመቅሮ።

ፑቲን መገሻ ወዲኡ ናብ ዓዱ ምስ ተመልሰ፡ ብወከል ኣገልግሎት ዜና ሩስያ 'ታስ' ብዛዕባ'ዚ. ጉዳይ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ "ብዘበናዊ ጥበብ ሕክምና፡ ናውቲ ኣካላት እናቐያየርካ፡ ሰብ ንጡፍ ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ክነብር ይከኣል እዩ፡ " ብምባል መሊሱ። እቲ ዝርርብ ኣብ ምሉእ ዓለም ድሕሪ ምዝርጋሑ፡ ማዕከናት ዜና ቻይና ነቲ ቪድዮ ከም ዝሰሓባኦን ከይቃላሕ ከም ዝኸልከልኦን ተፈሊጡ።



# ጸጋታት ባሕሪ

## ፐርስ-ሰይን

ንጉስ ክፍሉ

ምግፋፍ ዓሳ ሓደ ካብ ዝጠንተዉ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ምዃኑ ኣብ ብዙሕ እዋናት ተዘርቢሉን ተጻሒፉሉን እዩ። ኣብ ገለ ገለ ጽሑፋት'ውን ምግፋፍ ዓሳ ድሕሪ ሃድን ዝማዕበለ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ምዃኑ ይገልጽ'ዩ።

ኣብቲ መጀመርታ እዋን እዚ ንጥፈት ዝማዕበለሉ፡ ደቂ ሰብ ንዓሳታት ብኢዶምም ይኣርይዎም ከምኡ'ውን ብበላሕቲ ነገራት ከም ጭማራ ወጊኦም ይሕዝዎም ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ካብዚ ብምብጋስዩ ድማ ምግፋፍ ዓሳ ክምዕብል ጀሚሩ።

ካብቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ዝማዕበሉ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ እንጥቀመሉም ዘለና ዓይነት ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ብዙሓት እዮም። ከም ገመድን ጸፍሪት/ዓንቃሪጦ መጻወድያ ዝኣመሰሉ ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ድማ ገለ ካብቶም ብዙሓት ኣብቲ እዋን ዝማዕበሉ ግን ከኣ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ እንጥቀመሉም ዘለና እዮም። ኣብቲ እዋን ዝም ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ይኹን ካልእ ድሕሪኡ ዝማዕበሉ ንምስራሕ ካብ ገረብ ልሕጺ ከምኡ'ውን ዒጽምን ካልእ ነገራትን ተጠቒሞም የዳልውዎም ከም ዝነበሩ ይፍለጥ።

እምበኣር ምግፋፍ ዓሳ ብከምዚ ኣገባብ ጀሚሩ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ኣዝዩ ዝተራቐቐ ብቴክኖሎጂን ማሽናትን ተሰንዩ ዝሰርሕ ሓደ ካብ ዓበይቲ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ኮይኑ ይርከብ። ምግፋፍ ዓሳ ልዕሊ ሕርሻን እንተ ዘየብልና ዳርጋ ማዕረ ማዕረ ሕርሻ ኣብ ውሕስነት መግቢ ዓቢ እጃም ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ቀንዲ ምንጪ መኣዝዊ መግቢ ምዃኑ ዘየከራኽር ሓቂ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ምግፋፍ ዓሳ ካብ ምንጪ መኣዝዊ መግቢ ምዃኑ ሓሊፉ፡ ሓደ ካብቶም ሚልዮናት ዝሕረሶ ማዕበን እቶት ኮይኑ ይርከብ። ሓደ ካብቶም ዝበዝሐ እቶት ዘኽዕብ ምግፋፍ ዓሳ እምበኣር፡ እዚ ብፐርስ-ሰይን ዝፍለጥ ሜላ ምግፋፍ ዓሳ እዩ። እዚ ዓይነት ማስርሕ መግፋፍ ዓሳ ዝበዝሐ ሚእታዊት ናይ ዝግፈፉ ዓሳታት ኣብ ዓለም ይሸፍን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እዚ ዓይነት ምግፋፍ ዓሳ ንብዕስለ ዝንቀሳቐሱ ዓይነት ዓሳታት ንምግፋፍ እንጥቀመሉ ማስርሕ ምግፋፍ ብምዃኑ እዩ።

እዚ መግፈፊ ዓሳ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ወይ ኣብ ሓደ እዋን ኣዝዮም ብዙሓት ዓሳታት ንምሓዝ የኽእል። እዚ ማስርሕ ምግፋፍ ኣብ ማእከል ባሕሪ ዝዘውተር ኮይኑ፡ ዝዘርጉሑ ወይ እንጥቀመሉ ዕምቈት ባሕሪ ብናይ ሬት ቁመትን ባህሪ ናይ ዝተሓዙ ዓሳን ይውሰን።

ብዘይካ'ዚ እቲ ዝዓሎ ናውቲ መግፈፊ በቲ ክትሓዝ ዝተደልየ ዓሳን ዓቐን ጃልባን ይምጠን። ከምኡ'ውን ብዓቐን ዓይነ ሬቶን ዕብየት ናይ ሬቶን ይውሰን። እዚ ሜላ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ግዜ ለይትን ቀትርን ክንጥቀመሉ እንኽእል ኮይኑ፡ እቲ ኣብ ግዜ ቀትሪ ዝካየድ ምግፋፍ ዝያዳ ቴክኖሎጂን ማሽንን ዝጠልብ እዩ።

ኣገባብ ምግፋፍ ፐርስ-ሰይን ከም'ቲ ስሙ ዘመልክቶ ብመሸንቆቓ ወይ ብቦርሳ ይምሰል። እዚ ድማ በቲ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ'ቲ ሬት ዝርከብ መሸንቆቓ ገመድ እዩ ዝግለጽ። ኣብዚ ማስርሕ ምግፋፍ ዓሳ፡ መጀመርታ ዝካየድ ንጥፈት ምድላይ ዓሳ ወይ ዓሳ ከም ዝኣከቡ ምግባር እዩ። ማስርሕ ምድላይ ሙብዝሕትኡ ግዜ ብምዕባል ዝበለ ኣገባብ ዝትግበር ኮይኑ ብረቒቕ ቴክኖሎጂ ተሓጊዝካ ዓሳ ኣበይ ከም ዘሎ ምፍላጥ እዩ።

ብልምዳዊ ኣገባብ ከኣ ዓሳ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ደድሕሪ ዓሳ ብምኻድ መግበን ዝምእርራ ኣዕዋፍ ባሕሪ ከም መለለይ ዕስለ ዓሳ ይጥቀሙለን። እዘን ኣዕዋፍ ብዝበዝሐ ኣብ ዝተራእያሉ ባሕሪ ድማ ዓሳ ይርከቡ። እቲ ኻልእ ኣገባብ ዓሳ ከም ዝኣከብ ምግባር ኮይኑ፡ ኣዝዩ ልሙድን ዝዘውተርን እዩ። ኣብዚ ማስርሕ እዚ፡ ዓሳ መግበን መብራህትን ተጠቒምካ ክእከብ ይክኣል።

ካብዚ እምበኣር እቲ ዝቐለለን ብውሑድ ወጻኢታት ክትግበር ዝኽእልን ኣዝዩ ዝዘውተር ዝኾነ መብራህቲ ተጠቒምካ ዓሳ ምእካብ'ዩ። እዚ ማስርሕ እዚ ኣብ ግዜ ለይቲ ዝካየድ ኮይኑ፡ ንዝዘወትሩ ሰዓታት ብርቱዕ መብራህቲ ብምውላዕ ዓሳታት ናብቲ መብራህቲ ብምምጻእ ከም ዝኣከቡ ምግባር'ዩ።

ብድሕሪዚ ሬት ብምዝርጋሕ ነቲ ዝተኣከበ ዕስለ ዓሳ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ከበብ ሬት ከም ዝኣቱ ይግበር። ቀጺሉ መሸንቆቓ ገመድ ብምስሓብ ታሕተዋይ ክፋል ሬት ይዕጾ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዓሳ ኣብ ፍጹም ከበብ ናይ ሬት ይኣቱ'ሞ፣ ሬት ብሓደ ወገን ናብ ጃልባ እናደየበ ዓሳታት ናብ ሓደ ወገን ወይ ኣብቲ ብጠንቲ ዝፍለጥ ክፋል ናይ ሬት ከም ዝኣከቡ ይግበር።

ብድሕሪዚ ዝተኣከበ ዓሳ ናብ ጃልባ እናሓፈሰካ ከም ዝስቀል ይግበር። እዚ ዓይነት ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ተኸፋፊሉ ክርአ ይከኣል፡ ልምዳዊ፡ ሓወሲ-ኢንዱስትሪያዊ ከምኡ'ውን ኢንዱስትሪያዊ ተባሂሉ ይፈላለ። እዚ ነቲ ዓቐምን ዕጥቅን ናይ'ቲ ማስርሕ ምግፋፍ ይገልጽ።

እዚ ማስርሕ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይ'ዚ ዓይነት ግዱ ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ እቲ ዝግበር ንጥፈት በቲ ዕጥቂ ናይ ጃልባ ኣብ ኣገባብ ትግባረ ክፈላለ ይኽእል። ብዘይካ'ዚ ማስርሕ ግዱ ብሓደ ወይ ብኽልተ ጃልባ ክትግበር ዝከኣል ኮይኑ፡ እዚ ድማ ሬት ኣብ ምዝርጋሕ ብሓደ ጫፍ ወይ ብኽልተ ወገን ስሒብካ ዝተኣከበ ዓሳ ክተኽብብ የኽእለካ። ኣብ ገለገለ ሃገራት ልዕሊ መጠን ግዱ ዓሳ ንምክልኻል ተባሂሉ መብራህቲ ተጠቒምካ ዓሳ ምግፋፍ ክልኩል እዩ።

እምበኣር ካብቶም ልዕል ኢልና ዝረኣናዮም እቲ ልምዳዊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝበዝሐ ግዜ ብልምዲ ዝማዕበለ ምስ ልምድን ባህልን ናይ ሕብረተሰብ ገፊሕ ዓሳ ዝተኣሳሰረ ብንእስ መጠን ዝትግበር ኣገባብ ማስርሕ ምግፋፍ እዩ። ኣብዚ ካብዞን ዚ ማስርሕ እንጥቀመለን ጀላቡ ጀሚርካ ንጥቀምሉ ሬትን ካልእ መሳርሒታትን ምስ'ቲ ካልእ ዓይነት ኢጋፍሩ ኣወዳዲርካ ብዓቐን ኣዝዩ ንኡስ እዩ።

ብዘወሳኺ ኩሉ ዝካየድ ንጥፈታት ብጉልበትን ዝኸዕ ቴክኖሎጂ ይኹን ማሽን ከይተጠቐምካን ዝትግበር ኮይኑ፡ ምስ'ቲ ዝጠልቦ ብዝሒ ሰራሕተኛታት ብምንጽጻር ዘለዎ ኣታዊ ትሑት እዩ። የጉዳስ ንልዕሊ 100 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ምንጪ መግብን ኣታዊታትን ምዃኑ ይፍለጥ። እዚ ብልምዳዊ ዝፍለጥ ምግፋፍ ዓሳ ብፐርስ-ሰይን ኣብ መላእ ዓለም'ኳ ዝዘውተር እንተኾነ፡ ብፍላይ ኣብ ሳልሳይ ዓለም ኣዝዩ ግሉን እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ንደቓቕቲ ዓሳ ከም ወዘፍ፡ ሳርዲንን ካልኦት ዓሳታትን ንምግፋፍ ብብዝሒ ይዝወተር።

እቲ ካልኣይ ዝውተር ዝኾነ ማስርሕ ምግፋፍ፡ እቲ ብሓወሲ ኢንዱስትርያዊ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ማስርሕ ምግፋፍ ዝውዕላ ጀላቡ ካብተን ብልምዳዊ ዝፍለጣ ዝዓብያ እየን። ብተመሳሳሊ ብዝለወን ዕጥቅን ቴክኖሎጂን'ውን ዝማዕበላ እየን። በዚ መንጽር'ዚ ድማ እቲ ዝካየድ ስራሕ ካብ ምድላይ ወይ ምእካብ ዓሳ ኣትሒዝካ፡ ክሳብ ዓሳ ተገፊፉ ኣብ ጃልባ ዝስቀል፡ ብማሽንን ቴክኖሎጂን ተሰንዩ ጉልበት ሰብ ብዘተሓወሶ ኣገባብ እዩ ዝትግበር።



ኣገባብ ምሕፋስ ምህርቲ ዓሳ



ብሬት ፐርስ-ሰይን ዝተኸበበ ዓሳታት



ብህዝቢ ዝካየድ መስሓብ ሜላ ምግፋፍ ዓሳ

እዚ ማስርሕ ምግፋፍ ዋላ'ኳ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ግዜ ለይቲ ብመብራህቲ ተሓጊዝካ ዝካየድ እንተኾነ፡ ኣብ ገለ እዋናት ግዳ ንዓበይቲ ዓሳታት ከም ቱና ዝኣመሰሉ ንምግፋፍ ብግዜ ቀትሪ ይዝወተር እዩ። ኣብዚ ማስርሕ፡ ዓሳ ብኮምፕዩተር ዝተሰነየ ሜላ ምንዳይ ዕስለ ዓሳ ወይ ብዓበይቲ ክሻፋታት ተጠቒምካ ህላወኦ ይረጋገጽ። እዚ ዓይነት ምግፋፍ ኣብ ርሑቕ ምብራቕ፡ ጃፓን ከምኡ'ውን ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ከም ኣብ ግብጺ ካብቶም ብዝበዝሐ ዝዘውተረሎም ክፋል ዓለምና እዮም።

እቲ ሳልሳይ ማስርሕ፡ ኢንዱስትርያዊ ምግፋፍ ዓሳ እዩ። እዚ ኣዝዩ ዝተራቐቐን ብዓበይቲ መራኽብ ዝሰርሕን ኮይኑ፡ ብዓበይቲ ማሽናትን ዝተራቐቐ ቴክኖሎጂን ተሰንዩ ዝትግበር ኣዝዩ ምዕቡል ዓይነት ምግፋፍ ዓሳ እዩ። ኣብዚ ካብ ምድላይ ዓሳ ጀሚርካ ብኣዝዩ ዝተራቐቐ መልክዑ እዩ ዝትግበር።

ብሳተላይት ዝተሓገዘ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም፡ ብሄሊኮፕተር እናዞርካ ከምኡ'ውን ብኣዝዩ ዝተራቐቐ ካብ ነዊሕ ዘርኢ ክሻፋ ተጠቒምካ፡ እኩባት ዓሳታት ከም ዝለለዩ ይኸውን። ንዝተረኽቡ ዓሳታት ገና ከይተታሕዙ፡ ዘለዎም ብዝሕን ኣንፈት ጉዕዞኦምን ክፍለጥ ይከኣል። በዚ መንጽር ድማ ኣብ ዘለውዎ ብምኻድ ወይ በቲ ኣንፈት ጉዕዞ ዓሳ ተገዚብካ ብምኻድ ኣብቲ ንምግፋፍ ዝምችእ ቦታ ብምጽባይ እቲ ማስርሕ ምግፋፍ ክትግበር ይከኣል።

እዘን መራኽብ ዝዓጥቀኦ ሬት ብንውሓተ ይኹን ብዕምቈቱ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ስለ'ዚ እዩ ድማ ዝተሓዙ ዓሳታት ብቐጽሪ ኣዝዮም ብዙሓት ብዓቐን ድማ ገፋሕቲ ዝኾኑ።

እምበኣር እዚ ዓይነት ምግፋፍ ዓሳ ሚልዮናት ወጻኢታት ዝጠልብ ግን ከኣ ኣማኢት ሚልዮናት ኣታዊታት ዝሕረሰሉ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዓለምና ዝዘውተር ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ሃገረ ጃፓንን ሰሜንን ድማ ንዓበይቲ ጸፍሓውያን ዓሳታት ከም ብዓል ቱና ንምግፋፍ ኣዝዩ ዝዘውተር እዩ።

ኣብ ሃገርና እዚ ዓይነት ምግፋፍ ዓሳ ዝዘውተር ኣይኮነን። የጉዳስ ንዕኡ ዝመሳሰሉ ኣለው። ሓደ ካብኣቶም መኸበር እዩ። እዚ ምስ ፐርስ-ሰይን ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ መብራህቲ ተጠቒምካ ዝካየድ'ኳ እንተኾነ፡ መሸንቆቓ ዘይብሉ ዓሳታት'ውን ኣብ ሬት ብኣፉ ተቐርቂሮም ስለ ዝተሓዙ፡ ምስ ናይ ኣፉ ሬት እዩ ዝምደብ።

እቲ ካልኣይ ድማ ብምስሓብ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝዘውተር ንብዕስለ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝንቀሳቐሱ ደቀቕቲ ዓሳታት ንምግፋፍ እንጥቀመሉ እዩ። እዚ ዓይነት ሜላ ምግፋፍ ዓሳ በቲ ዝተሓዘ ዓሳን ኣገባብ ኣሰራርሓን ምስ ፐርስ-ሰይን ኣይረኣኸብን እዮም።

ልዕሊ 62% ካብ ትሕዝቶ ባሕሪ ሃገርና ደቀቕቲ ዓሳታት ምዃኖም ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ። እምበኣር ዝበዝሑ ትሕዝቶ ባሕሪ ሃገርና ደቀቕቲ ዓሳታት ካብ ኮኑ፡ እዚ ዓይነት ኣገባብ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ሃገርና ኣገዳሲ እዩ። ስለ'ዚ እዚ ዓይነት ማስርሕ ወይ ሜላ ምግፋፍ ዓሳ ንምትእትታው ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ክሰርሓሉ ጸኒሑ፡ ንምምዕባሉን ንምድንፋዑን ድማ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ።



ኣቃውማ ሬት ፐርስ ሰይን ኣብ ማእከል ማይ




ኣገባብ ምኽባብ ዝተኣከቡ ዓሳታት

**ብምትሕብባር ሃብቲ ባሕሪ**

## ርእይቶ

**ዊንታ ንርኣዮ**

*“ሰባት ዝፈልጥዎ ወይ ዝተማህርዎ ክምህሩና ይኽእሉ እዮም - ሊቃውንቲ ግን ካብ ገዛእ ነብስና እዩ”*
*ሚሸል ሞንታኝ*

ፈላጥን ብሉጽን ሰብ ክኸውን ዘይምነ የለን። እዚ ኣድማሳዊ ባህጊ ወይ ትምኒት ናይ ደቂ-ሰብ እዩ። ንኣብነት ኣብ ትምህርቲ ካብ ዝርከቡ መንእሰያት፡ ንፉዕን ብሉጽን ተማሃራይ ክኸውን ዘይብህግን ዘይምነን የለን። ንፉዕን ብሉጽን ተማሃራይ ምዃን መን ደጸልኦ? እቲ ግድል ግን መንፍዓት ኮነ ብሉጽነት፡ ብባህጊን ትምኒትን ዝጭበጥ ወይ ዝበጽሕ ዘይምዃኑ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ መማህራን፡ ፍልጠት ከቕስሙና ዝኽእሉ ይጽዕሩ እዮም። መምህር ኣብ ክፍሊ ደው ኢሉ፡ እቲ ዝፈልጦ ስለዘዘገረና ወይ ስለዘመሃረና፡ ፈላጣት ክንከውን ኣብርቲዑ ስለዝጸዓረን ስለዝደኸመን ግን ብሉጻት ንኸውን ማለት ኣይኮነን። ከምኡ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ኩሉ ተማሃራይ ብቑዕን ብሉጽን ክኸውን ኣይምኣገመን። ብቕዓትን ብሉጽነትን እምብኣር ካብ ገዛእ ነብስና እዩ።

ኣብነታት ክንጥቀስ፡ ፈለማ ብሽክለታ ክንለማመድ እንከለና፡ እቶም ዝዋርም ዝኽእሉ፡ ከመይ ገይርካ ከምእትዝውር፡ ከመይ ገይርካ ሚዛን ከምእትሕሉ ብክልሰ-ሓሳብ ይነግሩና እዮም። ሓቂ’ዩ፡ እቲ ዝህቡና ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ፡ ብሽክለታ ከመይ ከምእትዝውር ስለዝተነገርና፡ ብቐጥታ ደይብና ክንዝውራ ንኽእል ማለት ኣይኮነን። ብሽክለታ ናይ ምዝዋር ክእለት፡ ብጻዕሪ ገዛእ ነብስና ዝጥረ እዩ። ምሕንባስ እውን ብተመሳሳሊ፡ ብክልሰ ሓሳብ ክትመሃሮ ቀሊል ክኸውን ይኽእል። ክልሰ ሓሳብ ኣተሓናብሳ ስለዝነበብካ ወይ ሰብ ስለዝተዛረኻ ግን ክኢላ ሓንባሳይ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓንበስካ ክትክእል፡ ነዊሕን ዘይሕለልን ግብራዊ ምልምማድ እዩ ዝሓትት። ኣብ ግዜ ብጽሕና፡ ኣብ ገዛውትና ተኣኻኺብና፡ ክራር ክንለማመድ ንፍትን ኢና። ኣብ ግዜ ንእስነት ክራር ወይ ዝኾነ ካልእ ናይ መዚቃ መሳርሒ ክኽእል ዘይብህግ ወይ ዘይፍትን መንእሰይ ዳርጋ የለን። እቶም ዝኽእልዎ ግን እቶም መጸልቲን ለይቲን ከይተሓለሉ፡ ደጋጊሞም ዝፍትኑ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም።

ብቕዓት ኣብ ትምህርቲ ይኹን ዝኾነ ሞያ ዝጥረ እውን ብተመሳሳሊ እዩ። ናብ ኣካዳምያዊ ወይ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ዝተመላለሰ ኩሉ ንፉዕን ብሉጽን ይኸውን ማለት ኣይኮነን። እቲ ዕድልን ባይታን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ መንፍዓትን ብሉጽነትን ካብ ገዛእ ነብስኻ እዩ። መምህር ኣብ ሰሌዳ ኣቀማምራ ቁጽርታት እንተርኣየካ፡ መምሃሪ መጽሓፍቲ እውን ኣብነታት እንተሰፈሩ፡ ሓደ ተማሃራይ ብቐሊሉ ይርድኦ ወይ ይመልኮ ማለት ኣይኮነን። ምልከት ብጻዕሪ ገዛእ ነብስኻን ብዘይሕለል ምልምማድን እዩ ዝጭበጥ።

# ብቕዓት ውጽኢት ውልቀ ጻዕሪ

**ንእሽቶ ምዕዶ ንመንእሰያት**

ምስጢር መንፍዓትን ብሉጽነትን ተባሂለን ዝግለጻ ክልተ ዓበይቲ ረቛሒታት ኣለዋ። ሃንቃን ኣደብን።

መዝገበ ቃላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ (ተከኤ ተስፋይ) Passion ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ቃል፡ ብትግርኛ፡ ሃንቃ፡ ታፍላ፡ ብርቱዕ ድልየት፡ ተምሳጥ፡ ፍቕሪ፡ ሃረርታ፡ ህርፋን፡ ተሃን፡ ቃሕታ፡ ርስሓት፡ ቆሉ፡ ዊንታ ዝብል ትርጉማት ይህቦ። ሓቂ እዩ ሃንቃ፡ ኣብቲ እትደልዮ ዕላማ ዘብጽሕ እኳ እንተዘይኮነ፡ ድራኸ ኣብ ምፍጣር ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

“ሰብ ከምቲ ዝሓለሞ ወይ ከምቲ ዝተመነዮ እዩ ዝኸውን” ዝብል ኣገላልጻ ኣሎ። እዚ ኣገላልጻ’ዚ ልክዕነት እኳ እንተለዎ፡ ኣብ ኩሉ ሰብ ግን ይሰርሕ ማለት ኣይኮነን። ቀጥኣይ ክኸውን ዝተመነየ እሞ ኮይኑ ዝተረፈ ክንደይ ኢልካ ክቝጸር። ብተመሳሳሊ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ዘይሓልም የለን። እቲ ዝበጽሕ ግን ውሑድ እዩ።

ሓደ ካብ ምስጢራት ዓወትን ብልጽግናን ብርቱዕ ድልየትን ባህግን እዩ። ድልየትን ባህግን ግን ደረጃታቱ ይፈላለ እዩ። ነቲ ዘበሎኮዮ ነገር ክትፍጽም ብርቱዕ ሃንቃ ወይ ተሃን እንተዘይብልካ ድልየት ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን።

ስለዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ዝኾነ ሞያ ዕወት ንምዃን ብቑዳማይ ደረጃ ብርቱዕ ድልየት፡ ፍቕርን ፍትወትን ናይ ፍልጠት፡ ሃንቃን ርስሓትን ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ባዕልና እንፈጥሮ እዩ። መምህር ወይ ቤት ትምህርቲ ከምዚ ዓይነት ወኒ ዝፈጥር መድሃኒት ወይ መርፍእ የብሉን። ከምቲ ኣብ መእተዊ ተጠቒሱ ዘሎ ቃላት ናይ ሞንታኝ፡ “ሰባት ዝፈልጥዎ ክምህሩና ወይ ክነግሩና ይኽእሉ እዮም፡ ሊቃውንቲ ግን ካብ ገዛእ ነብስና እዩ።” ፈላጣት እንኸውን፡ ፈላጥ ናይ ምዃን ብርቱዕ ስምዒት፡ ባህግን ሃረርታን ምስዝህልወና እዩ።

እቲ ካልኣይ ናይ ብልጽግና ረቛሒ ኣደብ ወይ ዲሲፕሊን እዩ። ኣደብ ማለት ብቐንዱ ኣቓልቦኻ ዝገዝኡ፡ ምስ ዕላማኻ ዘይከዱ ኣኪያይዳታት ምውጋድ፡ ግዜኻ ኣብ ዘይረብሕ ንጥፈታት ካብ ምብኻን ምሕያብ፡ ኣብ ስራሕን ጻዕርን ምጽማድ ማለት እዩ። ብልጽግና እምብኣር፡ ፍረ ብርቱዕ ድልየት ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍረ ጻዕርን ኣደብን እውን እዩ። ባህጊ ብዘይ ጻዕርን ዲሲፕሊንን ኣብ ዘበጽሕ የብሉን። ባህጊ ኮይኑ ጥራይ እዩ ዝተርፍ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ምልክት ናይ ዝኾነ ነገር፡ ከምኡ’ውን ብቕዓትን ክእለትን ውጽኢት ዘይሕለል ልምምድ እዩ። ንኣብነት፡ ቁጽሪ ኣብ እትምሃረሉ፡ መምህርካ ዘርኣየካ ወይ ዝገለጸልካ ኣገባብ ቅማሪ፡ ሓንሳብ ስለዝርኣኻዮ ክትፈልጦ ትኽእል ማለት ኣይኮነን። ባዕልኻ ደጋጊምካ ብምልምማድ ጥራይ ኢኻ ክትመልኮ እትኽእል። ኣብ ካልእ ዓይነት ዓውድታት እውን ብተመሳሳሊ፡ ዝተማሃርካዮ ፍልጠት ደጋጊምካ ብምንባብ ኢኻ ብዕምቈት ክትርድኦን ኣካልካ ክትገብሮን እትኽእል። ደጋጊምካ ምልምማድን ዘይምሕላልን ከኣ ዲሲፕሊን ይሓትት።

ትህኪት ወይ ምስልቻው፡ ካብ ጻዕርን ስራሕን ዝያዳ ድቃስን ዕረፍትን ምፍቃር፡ እቲ ቀንዲ ዕንቅፋት ናይ ብልጽግና እዩ። “ግዜ ወርቂ እዩ” ዝብል ኣገላልጻ ብተደጋጋሚ ንሰምዖ ኢና። ንሓደ መንእሰይ እዚ ኣበሃህላ’ዚ ትርጉሙ ብዕምቈት ዝሰወጦ እቲ ወርቃዊ ግዜ ብዘይ ፍረ ምስ ሓለፈ ጥራይ እዩ። ፍረኡ ከኣ ጣዕሳ እዩ። ስለዚ ከሎ ገና፡ ወርቃውነት ናይ ግዜ ብምግንዛብ፡ ኣብ ምሕደራ ግዜ ብዘይ መጠን ጥንቁቓት ክንከውን የድሊ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣቓልቦ መንእሰያት ዝገዝኡ ጉዳያት ብዙሓት እዮም። ሓደ ካብኦም ሚድያን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን እዩ። ፊልምታት፡ ኢንተርኔት፡ ገይምስ፡ ሞባይል ቴሌፎናት፡ ታብለታት፡ ኮምፕዩተራት ወዘተ. ኣካል ህይወትና ኮይኖም ስለዘለዉ ክንወግዶም ኣይንኽእልን ኢና። ፈቲና ጸሊእና ኣካል ባህልና ኮይኖም እዮም። እቲ ጸቡቕ ነገር ግዱ ኣጠቓቕማኦም ብግቡእ እንተፈሊጥናዮ ኣብ ትምህርትናን ህንጸት ኣእምሮናን ሓገዝቲ ምዃኖም እዩ። ብኣንጻሩ ኣጠቓቕማኦም እንተዘይፈሊጥናዮ፡ ብመጠን መሳጥነቶም፡ ወርቃዊ ግዜና ዝቖትሉ ኣዝዮም ኣዕነውቲ እዮም።

ኣብ መወዳእታ ብቑዕ ፍልጠት ቀሲምና፡ ህይወትና ክንመርሕን ብፍልጠትናን ብቕዓትናን ኣብ ምዕባለ ሃገርን ሕብረተሰብን እጃምና ክነበርክትን ሃንቃን ኣደብን ባህልና ክንገብሮም የድሊ።



ምህርን ሊቅን ዝብሉ ኣምራት ትርጉሞም በበይኑ እዩ። ምሁር ማለት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝበጽሐ ክኸውን እንከሎ፡ ሊቅ ግን ፍልጠት ምስ ብቕዓትን ክእለትን ዘጣመረ ሰብ እዩ። ስለዚ መንእሰይ ካብ ምሁር ንላዕሊ ሊቅ ወይ ፈላጥ ክኸውን ክብህግን ክጽዕርን ይግባእ። ሮማን’ዩ፡ ፈላጥ ንምዃን ኣብ ትምህርቲ ብሉጽ ኮይንካ ምውጻእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ምኽንያቱ ፍልጠት ብትምህርቲ እዩ ዝርከብ። እንተኾነ ኩሉ ዝተማህረ ፈላጥ ወይ ሊቅ ማለት ኣይኮነን። ክፍልታት ብምቑጻር ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ኬብቅዕ፡ ፈላጥ ክኸውን ዘይተኻእለ፡ ካብ መሃይም ዘይሓይሽ ሰብ ኣሎ። ብኣንጻሩ፡ ውሱን ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎ ግን ካኣ ፈላጥ ወይ ሊቅ ክኸውን እተኽእል ሰብ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያታት ብዙሕ እዩ። ሓደ ካብኡ ንኽትፈልጥ ኢልካ ምጽዓርን ትምህርቲ ክትውድእ ወይ ፈተና ክትሓልፍ ኢልካ ጥራይ ምጽናዕን እዩ። እዚ ክልተ ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ፡ ኣብ ቅስመት ፍልጠት ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘምጽእ። ምኽንያቱ እቲ ፈተና ንምሕላፍ ኢሉ ዝጸዓረ፡ ሓንሳብ ነታ ፈተና ምስ ሰገረ፡ ባህጊ ናይ ፍልጠት ስለዘይብሉ፡ ነቲ ዝተማህሮ ይርስዖ እዩ። ንኽፈልጥ ኢሉ ዝበሃገ ግን እቲ ፍልጠት ምስኡ እዩ ዝነብር። ንኽፈልጥ ብርቱዕ ድሌትን ሃንቃን ዘለዎ እዩ ድማ ኣብ መወዳእታ ፈላጥ ወይ ሊቅ ዝኸውን።

ካልእ ተወሳኺ ዓቢ ረቛሒ፡ ንባብ እዩ። ትምህርቲ ብሰፊሕ ባህሊ ንባብ ክሰኒ እንከሎ ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ። ምኽንያቱ ትምህርቲ፡ ቀጥታዊ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ካብ መምህር ናብ ተማሃራይ ክኸውን እንከሎ፡ ንባብ ግን ባዕላዊ ተበግሶን ዳህሳስን ብምዃኑ፡ ንሰብ ከምዝፈልጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምዝመራመርን ናቱ ሓሳባት ከምዘመንጩን ናይ ምግባር ተኣምራታዊ ሓይሊ ኣለዎ። ባህሊ ንባብ ኣብ ህይወት ተማሃራይ፡ መኽሰቡ ድሌት ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን። ምንጪ ሓጎስ እውን እዩ።

ትምህርቲ፡ ሞያ ንምጥራይ ወሳኒ ረቛሒ እዩ። እንተኾነ ኩሉ ዝተማህረ፡ ሞያዊ ብቕዓት ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን። ዓመታዊ ብዙተፈላለየ ዓውደ ትምህርቲ፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ፡ ኮለጃትን ኣብያተ ትምህርቲ ስልጠናትን ተመሪቖም ዝወጹ ብዙሓት እዮም። እንተኾነ ኩሎም ብቑዓት ሞያውያን ወይ ክኢላታት ይኾኑ ማለት ኣይኮነን። ንፍልጠት ናብ ሞያ ወይ ክእለት ዝቕይር ብቐንዱ ግብራዊ ስራሕ እዩ። ሓደ ናይ ሕክምና ትምህርቲ ስለዝወድአ ጥራይ ሓኪም ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ኢንጂነሪን ዝወድአ እውን ብተመሳሳሊ ኢንጂነር ማለት ኣይኮነን። ሰርቲፊኬት ምህላው መግለጺ ናይ ሞያ ኣይኮነን። ናብ ሞያ ዘሰጋግር ወረቐት ፍቓድ ጥራይ እዩ።

ሞያዊ ብቕዓት ንምውናን እምብኣር፡ ዕድል እንተተረኺቡ ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሚርካ፡ ምስ ግብራዊ ስራሕ ምልላይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም ምስተዋፈርካ ድማ፡ ነቲ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ ጠሚትካ፡ ብሓያል ድሌትን ዲሲፕሊንን ግብራዊ ፍልጠት ንምቕሳም ሞያዊ ብቕዓት ንምጥራይን ጻዕሪ ይሓትት። ሓደ ተማሃራይ እምብኣር፡ ትምህርቲ ስለዝወድአ ንበይኑ ከም ብቑዕ ሞያዊ ክወስዶ ኣይግባእን። ጀማሪ ወይ ተለማማዲ እዩ። ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ እቲ ዝዓበየ ፍልጠትን ብቕዓትን ዝርከብ ኣብ ግብራዊ ስራሕ እዩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግብራዊ ስራሕ ጥራይ ድማ እዩ፡ ነቲ ዝተዋህቦ ማዕረግ ዶክተር ይኹን ኢንጂነር ወይ ካልእ ብቑዕ ክኸውን ዝኽእል።

ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ እምብኣር መንእሰያት፡ ኣብ ትምህርቶም ብሉጻት ንክኾኑ፡ ብርቱዕ ድሌት ክህልዎም፣ ድሌቶም ንምዕዋት ድማ ዲሲፕሊን ባህሎም ክገብርዎ፣ ካብ ምሁር ንላዕሊ ሊቅ ንምዃን ክጽዕሩ፣ ካብ ትምህርቲ ናብ ስራሕ ዓለም ምስተሰጋገሩ ድማ፡ ንቦታ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ ጠሚቶም፡ ብግብራዊ ፍልጠት ብቑዓ ሞያውያን ንምዃን ኣብርቲዖም ክተግሁ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:55 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍሉይ መደብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

1. **Position: Engineering, Procurement, and Construction (EPC) Superintendent**
   **Department: Mining**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for underground construction and development projects for Bisha Mining Share Company, ensuring all safety and construction targets are met in compliance with all Company standards, guidelines and procedures.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Ensure all matters related to the underground structures of the project are managed efficiently, adhere to the planned resource, timeline, and budget.
- Prepare daily, weekly and construction updates for review.
- Monitor construction activities, identify and prioritise improvement opportunities and formulate alternatives and improvements to systems and methods.
- Assist the Operations Manager with implementation of change management initiatives and other business improvement projects.
- Develop, implement, and maintain safe work procedures and promote safety, health and environmental awareness.
- Develop continuous improvement targets for the function and drive and measure achievement of these targets.
- Ensure effective communication of work and issues/ conditions status takes place with delegate prior to departure from site.
- Maintain a formal management reporting system that incorporates performance statistics, statutory requirements, and business improvement initiatives.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety
- Environment
- Employee Development
- Planning and Scheduling
- EPC Engineering
- Project Management
- Financial and Reporting

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Tertiary Qualifications in Civil/ Mechanical Engineering or a related discipline.<br>o Certificate IV Business (Frontline Management) desired but not essential<br>o Certificate in Project Management (PMP, Prince2 APM)<br>o Knowledge of project management and continuous improvement tools and systems | o Underground Project Management experience in shaft sinking and ancillary equipment selection.<br>o Leadership of the construction team<br>o Knowledge of project management and continuous improvement tools and systems.<br>o Demonstrated success as an effective leader in a customer focused environment.<br>o Experience in managing costs and budgeting.<br>o Demonstrated application of continuous improvement ideas.<br>o At least 5 years' relevant experience as Project Manager |

| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
|---|---|
| o Experience in the use of the maintenance module of a computerized integrated management system<br>o Competent in the use of MS Project<br>o Good skills in spreadsheet and presentation applications, word processing and database applications<br>o Strong customer service focus.<br>o Provides clear and supportive leadership to team.<br>o Able to diagnose problems and potential problems.<br>o Able to think outside the square and come up with an alternative.<br>o Thinks ahead and thinks tasks through before commencing or directing them.<br>o Sees how various tasks fit together.<br>o Maintains or enhances others' self esteem.<br>o Listens and responds with empathy.<br>o Asks for help and encourages involvement – consults with those affected by problem or change.<br>o Shares thoughts, feelings and rationale (to build trust). | o Communication (Chinese/ English speaking)<br>o Ability to communicate effectively across all levels<br>o Strong report writing and presentation skills<br>o Able to read and write English and Chinese |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Aba Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**
**Process Plant Data Administrator**
**Number required – (2)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Responsible for maintaining a database and filing system, with all relevant Process Plant records and information.
- Assists Managers with necessary "secretarial duties".
- Planning
- Implementation
- Reporting and Data Control

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**1.Planning**

- Records minutes and action plans from any necessary Plant meetings and distributes accordingly.

**2.Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Maintain stock levels of materials and equipment (office supplies; cleaning supplies; etc.)
- Perform typing duties as and when required.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed.
- Liaises with other departments, ensuring smooth document and information flow.
- Organises and records decisions from "Safety, Health & Environment" meetings.
- Organises the travel logistics for all staff going on leave/rotation.

**3.Reporting and Data Control**

- Maintain the "safety, health and environmental policies and procedures.
- Input data into the Met Accounting System as directed by Senior Metallurgist.
- Maintains the Process Managers filing system.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Qualifications:**

- 12th Grade academic level

**Knowledge and Experience:**

- 2-3 years' relevant experience

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office , Excel , PowerPoint– Advanced) | Communication (English and local language) |
| | |
| Attention to detail | Interpersonal Relations |
| | Integrity |
| Data management skills | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| | High level of accuracy |
| | Discretion |
| | Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Site
- **Type of contract:** **In**definite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## Notice

Here given to the public that members of the **FANA P.l.c** on their extra ordinary meeting held on24/11/2024 resolved:-

1. The successors of Late Zerai Tekle Kahsay being legally assigned as: Mrs Haimanot Andeberhan Tesema 4 shares; Ms. Freweini Zerai Tekle ; Ms. Senait Zerai Tekle and Ms. Haben Zerai Tekle 2 shares each.
2. Late Mengisteab Hibtzghi Gherezghier being legally assigned as: Mrs. Azieb Woldu Yehdego 4shares Mrs. Selam Mengisteab Hibtzghi ; Mr. Naod Mengisteab Hibtzghi; Mr. Naod Mengisteab Hibtzghi and Yoseab Mengisteab Hibtzghi 2shares each.

As follows; and Art.1 of the memorandum of the company amended asfollow

| No. | Name of share holders | Shares | Value of shares |
|---|---|---|---|
| 1 | Mrs Amleset Kiflom | 10 | 62,000 |
| 2 | Capt. Dawit Tesfaldet Tesfazghi | 10 | 62,000 |
| 3 | Capt. Atobrhan Tewolde Ukbamicheal | 10 | 62,000 |
| 4 | Capt. Maekele Tesfay Kelete | 10 | 62,000 |
| 5 | Capt. Habte Zerae Gebrat | 10 | 62,000 |
| 6 | Mrs. AbrehetKibrom Temnewo | 10 | 62,000 |
| 7 | Capt. Gebremichael Kiflu Gile | 10 | 62,000 |
| 8 | Capt. Aregay Embaye Weldegebriel | 10 | 62,000 |
| 9 | S/Lieut Tesfom Hailegergish Berhe | 10 | 62,000 |
| 10 | S/Lieut. Issack Kifle Khasay | 10 | 62,000 |
| 11 | A/Lieut. Mehari Solomon Tesfamicheal | 10 | 62,000 |
| 12 | S/Lieut. Teweldemedhin Sereke Yhdego | 10 | 62,000 |
| 13 | S/Lieut. Simon Gebremichael Kiflu | 10 | 62,000 |
| 14 | Mrs. Tsige Habtai Temnewo | 10 | 62,000 |
| 15 | S/Lieut. Bereket Haileab Engida | 10 | 62,000 |
| 16 | S/Lieut. Zeraehaimanot H/gergis Kidane | 10 | 62,000 |
| 17 | Mrs. Haimanot Andeberhan Tesema | 4 | 24,800 |
| 18 | Ms. Freweini Zerai Tekle | 2 | 12,400 |
| 19 | Ms. Senait Zerai Tekle | 2 | 12,400 |
| 20 | Ms. Haben Zerai Tekle | 2 | 12,400 |
| 21 | Mrs. Azieb Woldu Yehdego | 4 | 24,800 |
| 22 | Mrs. Selam Mengisteab Hibtzghi | 2 | 12,400 |
| 23 | Mr. Naod Mengisteab Hibtzghi | 2 | 12,400 |
| 24 | Yoseab Mengisteab Hibtzghi | 2 | 12,400 |
| | **TOTAL** | **180** | **1,116,000** |

**FANA PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ዓስራይ ክፋል

## ዕላማ ህይወት



> "እቲ ዘይብድሃኳ ክልውጦ ኣይክእልን እዩ።" - **ፍረድ ደ ቬቶ**
> "ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ርእሰ ተኣማንነት እንተ ዘይብልካ ኣብ ውድድር ህይወት ክልተ ሻብ ኢኻ እትስዕር። ልዑል ርእሰ ተኣማንነት እንተ ኣጥሪኻ ግዱ ቅድሚ ምጅማርካ ኢኻ እትዕወት።" **- ማርከስ ሰርቮ**

ልዑል ርእሰ ተኣማንነት እንተ'ልዩካ፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካን ሞያኻን ዕወት ኴንካ ንኽትወጽእ እምብዛ እዩ ዝሕግዘካ። ብመንጽሩ፡ ርእሰ ተኣማንነት ዘይምውናን ምስ ዓቕምኻ እንከለኻ ካብ ኩሉ ነገር ከታርፈካ ይኽእል። ዚ ሓቂ እዚ ኩላትና ብዕምቈት ክንግንዘቦ ኣገዳሲ እዩ።

ንርእሰ ተኣማንነትካ ክበ እተብለሎም ማእለያ ዘይብሎም መንገዲታት ምህላዎም ጸቡቕ ነገር እዩ። ገለ ካብኣቶም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ንገዛእ ርእሰኻ ምስ ካልኦት ሰባት ምንጽጻር ኣቋርጽ

ምስ እትፈልጦም ይኹን እተድንቖም ሰባት ንገዛእ ርእሰኻ ተነጻጽራ ዲኻ? ንወርሓዊ ደሞዝካ ምስ ናይ ዓርኩመሓዛኻ ደሞዝ ተወዳድሮ ዲኻ? መብዝሕትና እናተፈለጠና ዲና ከይተፈለጠና፡ ንገዛእ ርእስና ምስ ብዙሓት ሰባት ነጻጽራ ኢና። በዚ መዳይ ርእሰ ተኣማንነትና ክበ ክበል ኣይረኣን እዩ። ብመንጽሩ እኳ ደኣ፡ ርእሰ ተኣማንነትና ለጠቕ ክብል እንክሎ እዩ ዝፍለጠና።

ኣብ እዚ ቐረባ ግዜ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ቅንእናን ብዘዕባ ገዛእ ርእስና ዘሎና ስምዒትን ቀጥታዊ ዝምድና ከም ዘለዎ እዩ ኣንጸባሪቑ። ብፍላይ ሰባት ንገዛእ ርእሶም ምስ ካልኦት ሰባት ክነጻጽርዎ እንከለዉ፡ ብእኡ ንብእኡ ስምዒት ቅንኢ ይወርሮም። ዚያዳ ቅንኢ ክሰምዖም እንከሎ፡ ዚያዳ ሕማቕ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ይሰምዖም።

ንገዛእ ርእሰኻ ምስ ካልኦት ብምንጽጻር ዓቕሊ እናጸበበካ እንከለኻ፡ ከመይ ገይርካ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክትሃንጽ ትኽእል? ቅድም ቀዳድም ምስ ካልኦት ሰባት ምንጽጻር ሓጊዚ ከም ዘይኮነ ንገዛእ ርእሰኻ ኣዘኻኽራ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጉያ እዩ ተጸሚዱ ዘሎ። ህይወት ከኣ ውድድር ኣይኮነትን።

ብናይ ካልእ ሰብ ህይወት ቀሲእካ ከም ዘለኻ እንተ ደኣ ተፈሊጡካ፡ ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ብልጫን ዓወትን ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ምእንቲ ብልጫኻ ከተለሊ፡ ኑዩም ተማሲንካ እትብለሎም መዳያት ህይወትካ እትምዝግበሉ ዕለታዊ መዝገብ ሓዝ። እዚ ሜላ ኣብ ክንዲ ኣብ ህይወት ካልኦት ሰባት እተድህብ፡ ኣብ ገዛእ ህይወትካ ንኽትተኩር ክሕግዘካ እዩ።

ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሰባት ዚያዳ ንኽወዳደሩ ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድር ኣሎ። ሰባት ንዓወታቶም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ስለ ዘጸንሑ ንዓኻ ሕማቕ ዝስምዓካ እንተ ኾይኑ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት እንተ ዘይተኸታተልካ እዩ ዝሓሸካ።

ንገዛእ ርእሰኻ ምስ ካልኦት ሰባት ካብ ምንጽጻር ክትሕግዞ እንተ ደሊኻ፡ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትሰዕቦም ኣገዳሲ እዩ።

- ንገዛእ ርእሰኻ ብእወታውያን ሰባት ከም እትኸበብ ግበራ

ሓንሳእ እሞ ደው በል። ምስ ዓርኩ መሓዙትካ ኣብ እትህልወሉ እንታይ ከም ዝስምዓካ እስከ ሕሰበሉ። ናብ ላዕሊ ገጽም ደዩም ዝሰፍስፉኻ ዋላስ ናብ ታሕቲ ገጽም እዮም ዝውጥጡኻ? ንሳቶም ቀጻሊ ደዩም ዝፈርዱኻ ዋላስ ልክዕ ከም ዘለኻዮ እዮም ዝቕበሉኻ?

እቶም ምሳኻ ብዙሕ ግዜ ዘሕልፉ ሰባት፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ዝለካ ሓሳባትን ኣመለኻኸታትን ክጸልውዎ ይኽእሉ እዮም። እቲ ጽልዋ ምናልባት ክንዮ እቲ ንሰኻ እተስተብህሎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ነቲ ካልኦት ሰባት ዝፈጥሩልካ ጸቡቕ ገይርካ ከተቕልበሉ ይግባእ። ምስ ሓደ ሰብ ምስ ወዓልካ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ሕማቕ እንተ ደኣ ተሰሚዑካ፡ ካብ እቲ ሰብ እንተ ረሓቕካ እዩ ዘዋጽኣካ።

ኣብ ክንድኡ፡ ንገዛእ ርእሰኻ ምስ እቶም ዘፍቅሩኻን ናትካ ዝበለጸ ነገር ዝምነዩን ከም እትኽበብ ግበራ። ካልኦት እወታውያን ሰባትን ንርእሰ ተኣማንነትካ ዝሃንጹን ሰባት ክትመሓዞ ፈትን። ርእሰ ተኣማንነትን እወታዊ ኣመለኻኽታን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም እዮም ዝኸዱ።

- ንኣካላትካ ብዝግባእ ተኸናኸን

ንኣካላትካ ብሕማቕ ትሕዝ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ጸቡቕ ክስምዓካ ከቶ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ርእሰ ሓልዮት ክትገብር እንከለኻ፡ ንኣእምሮኻ፡ ኣካልካን መንፈስካን ገለ እወታዊ ነገር ትሰርሕ ኣለኻ ማለት እዩ። ከም ውጽኢቱ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ይሰርጸካ።

ገለ ካብቶም ብመንገዲ ርእሰ ሓልዮት ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ከተጥሪ ዝሕግዙኻ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

* **ስፖርት ኣመጋግባ፡-** ጥዑይ ኣመጋግባ ማእለያ ዘይብሉ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ገለ ካብ እቶም ረብሓታት ልዑል ርእሰ ተኣማንነትን ርእሰ ክብርን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ንኣካላትካ መኣዛ ብዘለዎም መግብታት ምስ እተሰንቖ፡ ዚያዳ ጥዕና፡ ዚያዳ ሓይሊ፡ ዚያዳ ጸዓት ይፈጥረልካ። ከም ውጽኢቱ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ጸቡቕ ይሰምዓካ።

* **ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡-** ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ርእሰ ተኣማንነት ክበ ኣብ ምግባል ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር እንከለኻ፡ ቅርጺ ኣካላትካ ብእወታ ይልወጥ። ኣካላዊ ምስልኻ ክልወጥ እንከሎ ኸኣ፡ ዚያዳ ርእሰ ተኣማንነት ይፈጥረልካ።

* **ኣስተንትኖ፡-** ኣስተንትኖ ልዕሊ ምዝናይ እዩ ረብሓ ዘለዎ። ኣስተንትኖ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንርእሰ ተኣማንነት ክበ ክበል ይኽእል። በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ንገዛእ ርእሰኻ ከተለልን ክትቕበልን ኣዚዩ ሓጊዚ እዩ። ኣስተንትኖ ንኣሉታዊ ርእሰዘረባ ከተቋርጽ ከም ዘለካ እውን ይምህረካ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ካብ እቶም ጠቓምቲ ዘይኮኑን ንርእሰ ተኣማንነትካ ዘጕድሙን ኣብ ኣእምሮኻ ሕርኽርኽ ዝብሉኻ የጽርየልካ።

* **ድቃስ፡-** ስእነት ድቃስ ኣብ ስምዒትካ ኣሉታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕትታት ኣረጋጊጾምዎ እዮም። ብመንጽሩ እኹል ድቃስ ምስትምቓር ጸቡቕ ባህሪ ንኽተማዕብል ሓጊዚ እዩ። እወ ትሰዓው ክትከውንን ርእሰ ክብሪ ክተማዕብልን ግዱድ ድቃስ ኣኸኣሊኻ ዝርአ ኣይኮነን።

ንገዛእ ርእሰኻ ምክንኻን ርእሰ ተኣማንነትካ ክበ ኣብ ምግባል እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ኑዩም ኣብ ገዛእ ርእሰኻን ክእለትካን ጸቡቕ ከም ዝሰማዓካ ዝገብሩ ነገራት ትረኽብ ምህላውካ ኣረጋግጽ።

"ንኣካላትካ ምክንኻን ንኽትጽብቐ ወይ ክትምልከዕ ጻዕሪ ምኽያድ ጥራይ ኣይኮነን።" ትብል ክኢላ ስነ ልቦና ሃና ኦወንስ፡ "ንሰኻ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ቀዳምነታት ክትሰርዕ እንከለኻ፡ ኑዩም ኣብ ዓለም ዚያዳ ዘድልዩኻ ነገራት ብቐዳምነት ክትሰርዖም ይግባእ። ንገዛእ ርእሰኻ ዚያዳ ክትከናኸና እንከለኻ፡ ካልኦት ሰባት ከኣ ኣፍ-ኣፍ ኢሎም ከም ዝሕዙኻ ከቶ ኣይትጠራጠር።"

## ዕምቈት ርእሰ ተኣማንነት

ኣብ ዕላማ ህይወት ርእሱምብቅባቕ ኣገዳሲ እዩ። እወ ንገዛእ ርእሰኻ ብሓልዮት ክይሓዝካ፡ ንኻልኦት ሰባት ብሓልዮት ክትሕዞም ዘይሕሰብ እዩ። ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ጌጋ ክትፍጽም እንከለኻ፡ ክትፈሽል እንከለኻ ወይ ዕንቅፋት ኪጋጥመካ እንከሎ፡ ንገዛእ ርእሰኻ ክትድህኣ የብልካን። ብመንጽሩ ብሓልዮት ኢኻ ክትሕዛ ዘግብኣ።

ንገዛእ ርእሰኻ ምስ እትሓልያ፡ ኣብ ስምዒትካ ተዓጻጻፊ ንኽትከውን ጸዓት ይፈጥረልካ። ከም ውጽኢቱ ንብዓህቲ ስምዒታት ብቕለሊ ብዓወት ክትሰግሮም የኽእለካ። ምስ ገዛእ ርእሰኻን ምስ ካልኦት ሰባትን ዘለካ ምትእስሳር ከኣ ዚያዳ ይድልድል።

ርእሰ ምብቅባቕ ምስ ርእሰ ተኣማንነት ልዑል ምትእስሳር ከም ዘለዎ ምግንዛብ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ በዓሊ እዋን ኣብ እትሸመመሉ፡ ክትደሃል የብልካን። ዘይፍጽም ሰብ ምኳን ወይ እናሓንሳእ ኣብ ገለ ነገር ምፍሻል፡ ኣካል ዕለታዊ ህይወትና ምኳኑ ከቶ ኣይትዘንግዖ።

ኣሉታዊ ርእሰ ዘረባ ንኽእለትካ ወይ ዓቕምኻ ኣብ ምድራት መወዳድርቲ የብሉን። ንርእሰ ተኣማንነትካ ድማ ምሓር ይቖርምሞ። ኣሉታዊ ርእሰ ዘረባ ንትሕተ ወናኻ ብሕማቕ እዩ ዘእምኖ። "እዚ ጉዳይ ንሰኻ ክትቈጻጸሮ እትኽእል ኣይኮነን። እዚ ምሓር ከቢድ ነገር እዩ፡ ዚ ስራሕ ከቶ ክትፍትኖ እውን የብልካን። ..." እናበለ ንትሕተ-ወናኻ ይመልኦ።

ብኻልእ ወገን ትሰዓው ዝኾነ ርእሰ ዘረባ፡ ርእሰ ምብቅባቕ ኣብ ምድንፋዕ ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ። በዚ ድማ ርእሰ ምጥርጣር ኣብ ምውጋድ ዚያዳ ሓጊዚ እዩ። ካብ እዚ ሓሊፉ፡ ንሓያስቲ ብድሆታት ክትገጥም ድሉው ትኸውን።

እናሓንሳእ ኣብ ኣኼባ ናይ ስራሕካ ዝኾነ ሕቶ ወይ ርእይቶ ዘይምሉብ ይመጽኣካ ይኸውን። እናሓንሳእ ኣብ ስራሕካ ምጽማድ ምሓር ቅጭ የምጽኣልካ ይኸውን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓሳብትካ ኩሉ ሻብ ቅሩዓት ከም ዘይኮኑ ንገዛእ ርእሰኻ ኣዘኻኽራ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኑዩም ሓሳብትካ ብመንገዲ ርእሰ ዘረባ ናብ ዚያዳ እወታውያን ለውጦም።

ብዕርቡተ ሕልና እተመልኣ ርእሰ ዘረባ ብኸመይ ክትብድሆ ከም እትኽእል ዝሕግዙ ገለ ኣብነታት እስከ ከስዕብ። እወ ንሓሳብትካ ናብ ዚያዳ እወታውያን ሓሳብት ብምምዕባል፡ ንእግሪ መንገድኻ ንርእሰ ተኣማንነትካ ክበ ክተብሎ ትኽእል ኢኻ።

"ዚ ነገር እዚ ክቈጻጸሮ ኣይክእልን እዩ።" ወይ "እዚ ከቶ ዝከኣል ኣይኮነን።" ዝብሉ ዘረባታት፡ ናብ "ኣነ ዚ ክሰርሖ እኽእል እዩ።" ወይ "ካብይ ዝደለ ኩሉ ነገር እንተ ሃልዩ ክይተሓሰልኩ ምፍታን እዩ።" ምልዋጥ የድሊ።

"ኣነ ጸቡቕ ነገር ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ።" ዝብል ዘበረ፡ "ኣብ ዝቐጸለ ግዜ ዝሓሸ ስራሕ ክበርክት እዩ።" ወይ "ብውሕዱ ገለ ነገር ተማሂረ ኣለኹ።" ትልውጦ።

"ንዓይ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ መደረ ምቕራብ ምሓር እዩ ዝጽልኣኒ።" እትብሎ ዝበርካ፡ "ኣነ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ መደረ ክስምዕ ኣይፈተኹን እዩ።" ከምኡ እውን "ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናቱ ብልጫን ድኽመትን ኣሎዎ።" ብዝብል ክትትካእ ተመሪጺ እዩ።

ንፍርሕኻ ብትብዖት ፊት ንፊት ክትገጥሞ ኣለካ። ክሱብ ዚያዳ ርእሰ ተኣማንነት ዝሰረጸካ፡ ንፍርሕኻ ክትሃድመሉ የብልካን። ንገሌና ብዙሓት ዘፈራርሑና ነገራት ኣለዉ። ንገለ ሰብ ኑቲ ዘፍቅሮ ሰብ ንምሕታት ምሓር ዘሕፍሮ ኣሎ። ካልኦት ዝሓሸ ስራሕ ንምርካብ መመልከቲ ጽሑፍ ምቕራብ ዘሕንኽዎም ኣለዉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ሓደ ካብ እቶም ዝበለጹ መንገድታት ንርእሰ ተኣማንነትካ እትሃንጸሉ፡ ንፍርሕኻ ፊት ንፊት ምግጣም እዩ።

ኑዩም ብሰሪ ዋሕዲ ርእሰ ተኣማንነት ዝሰረጹኻ ፍርሒታትካ ብኸመይ ክትገጥሞም ከም ዘለካ ተለማመዶም። ብቐለሉ ብፍርሒ ትግሃኽ እንተ ደኣ ኴንካ ወይ ንስራሕካ ትጽይቕ ከም ዘለኻ ዝሰምዓካ እንተ ኾይኑ፡ ከቶ ንድሕሪት ገጽካ ክትጥምት የብልካን። ኣብ ህይወት ምፍሻል ንባዕሉ ጸቡቕ ተመክሮ ምኳኑ ክትግንዘብ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ተመክሮኻ እንተ ተማሂርካ ድማ ኣብ ዝቕጽል ግዜ ልዑል ወጽኢት ኣብ ምምጻእ ኣይትሓምቕን ኢኻ።

ሓደት ምሽቓል ወይ ሓደት ጌጋ ምፍጻም ከም እቲ ንገሌና ዝማስለና ምሓር ሕማቕ ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንቕድሚት ገጽካ እትምርሽሉ፡ ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ዚያዳ ርእሰ ተኣማንነት ኢኻ እተጥሪ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ ዓቢ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘለዎ ሓደገኛ ስራሕ ኣብ ምግልጋል ይሕግዘካ።

ኑዩም እትመልኮም ዕዮታት ክትዓዎም እንከለኻ ብውሽጥኻ እንታይ ይሰምዓካ? ርእሰ ተኣማንነትካ ኣዚዩ ከም ዝበርኽ ርዱእ እዩ። ዋላ እቶም ዝበዑኻ ብልጫታት ዚያዳ እዮም ዝሕይሉ። እዚ ተመሊሱ፡ ኑቲ ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ዘበርካ እምንቶ ንኽተማሓይሽ ይሕግዘካ። ከምዚ ዓይነት ኣቀራርባ፡ ካልእ ረብሓ እውን ኣለዎ። ኣብ ህይወትካ ዚያዳ ዕወት ከም እትኸውን እዩ ዝሕብረካ።

ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት፡ "ኣብ ክእለትካን ውልቃዊ ብልጫኻን ምእማን ምስ ማጠን ኣብ ህይወት ዘለካ ዕግበት ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ። እዚ ኑዩም ብልጫታትካ ብምልላይ እዩ ዝጅምር። ብድሕሪ እዚ ብስሩዕ ኣብኡም ብምጽማድ ዚያዳ ሓያላት ክትገብሮም ትኽእል።" ብምባል ይገልጹ።

ንኣብነት ኣብ ገለ መዳያት ስፖርት ንፉዕ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ብውሑዱ ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ኑቲ ዓይነት ስፖርት ተለማመዶ። ኣብ ሓደ መዳይ ናይ ስራሕካ ፍሉይ ብልጫ እንተ ደኣ ሃልዩካ፡ ኑቲ ስራሕ ደጋግምካ ዕየ። ንብልጫታትካ ዚያዳ ምሕያል፡ ተመሊሱ ንርእሰ ተኣማንነትካ ኣደልዲሉ እዩ ዝሃንጽ።



> "ንኣካላትካ ወንጭ። ንኣእምሮኻ በድሆ።" - **ሃና ፍራንክሊን**
> "ጸቡቕ ክኸውን ጸዓር። ጸቡቕ ትርኢት ክህልወካ ስራሕ። ዝሓሸ ስራሕ ኣበርክት! ... ኑቲ ማዕርሕ እመን።"
> **- ኣሊክስ ቶሰይንት**

ይቕጽል

# ዝኽሪ መስከረም
## ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

(መበል 14 ክፋል)

### ውግእ ዓዲ ሸኽ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ድሕሪ ምቛም ክፍልታት፡ ኣባላት ራብዓይቲ ክፍሊ ናብቲ ዝተመደብዎ ቦታ ሰምሃር ክኸዱ ኣብ ቁሩሕን ድሕሪኡን ዘጋጠሞም 25 ተጋደልቲ ማሰዋእቲ ዝኸፈሉሉ መሪር ኩነታት ተረኺና ኔርና።*

ኣባላት ሳልሰይቲ ክፍሊ እውን ናብ ከቢሳ ክውጹ ከቢድ ብድሆ እዩ ገጢምዎም። ካብቲ ጸላኢ ንምዕጋቶም ዝጉበሮ ዝበረ ፈተነታት፡ ብ19 መስከረም 1965፡ ኣብ ማይ ላም ዘጋጠመት ግጭት ብፍሉይ ትዝከር። ኣብታ ውግእ፡ ኣብ ሶርያ ዝተዓለመ ሓላፊ ሕክምና ሳልሰይቲ ክፍሊ ኮይኑ ዝተማዘዘ ሑሴን ዳፍር ተሰዊኡ። ተጋደልቲ ድማ ንለስተ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተሓብበሩ ሰለይቲ ደቂ ዓዲ ቀንጺሉ። ተጋደልቲ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብሰንኪ ጽኑዕ ምኽትታል ጸላኢ፡ ናብ ሰራየ ንምውጻእ ዝገበሩዎ


ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር

ፈተነ ኣይሰለጠን። ካብ መስከረም ክሳብ ሕዳር 1965 ተደጋጋሚ ፈተነታት ድሕሪ ምኽያዶም ከኣ ንላዕላይ ባርካ ወሪዶም ክዕርፉ ወሲኖም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሩባ ኣብጆር ኮይኖም ነተን ካብ ኣቑርደት ልኢኾም ዘምጽኡወን ቁሩብ ቁረብ ሩዝን ተምርን እናተመገቡ ድማ ንኣሰታት ክልተ ሰሙን ድምጾም ኣጥፊኦም ኣዕረፉ። እንተኾነ ጸላኢ ብዓንበራ፣ ኮርኮን ኣብሉ ዓድ ማጃውራይ ከም ዝኣተወ ሓበሬታ በጺሖም። እቶም ተጋደልቲ ንጽባሒቱ ኣብ ዓድ ማጃውራይ ክምስሑ መደብ ነይሩዎም። እቲ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ብሓደ ተኸለንኪኤል ዝበሃል ዕሉል ወዲ ሽላሎ እዩ ዝምራሕ ነይሩ። ንሱ ኣንጻር ሰውራ ዝተዓጥቀ፡ ጅብሃ ካብ ባርካ ንክበሳታት ከይትወጽእ ክከላኸል መምርሒ ዝተዋህቦ መራሒ ጣንዳ ነበረ።

እቲ ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ዓድ ማጃውራይ ኣብ ዝሓደረሉ፡ ተጋደልቲ ካብኡ ከይረሓቑ ኣብ ሓደ ጎላጉል ሓደሩ። ኣንጊሆም ነታ ዓዲ ንምግን ጉዕዞም ንዓድ ሸኽ ወረዱ። ተኸለንኪኤል ሓበሬታ ግዲ ረኺቡ ቀዲምዎም ዓዲ ሸኽ ኣትዩ ጸኒሖም። ሽዑ ተጋደልቲ፡ ተኸሊንኪኤል ኣብ ዓዲ ሸኽ ምስ ጸኒሖም ብዘይካ ምግጣሙ ካልእ ኣማራጺ ኣይተረኣየምን። ንውግእ እናተዳለዉ ከኣ ሃንደበት ምኽትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝነበረ ተጋዳላይ ሓምድ ጆምዕ ደበኽ በለ። ንሱ ሓደ ካብቶም ካብ ሰራዊት ሱዳን ኣብ 1962 ንሰውራ ዝተጸንበሩ ጉዳይም ተጋደልቲ እዩ። ሳልሰይቲ ክፍሊ ካብ መስከረም ኣትሒዛ ኣብ ደምባላስ ክትዋጋእ ዝወረሓቶ ሱዳን ስለ ዝጸንሐ ኣይተሳተፈን። ብጾቱ ዝርከቡሉ ቦታ እናሓተተ ቀጊዩ ናብኦም ክጽንበርን ንውግእ ተዳልዮም ክጸንሕዎን ከኣ ሓደ ኮነ። ብቑጥታ ወተሃደራዊ ክዓውንቱ ቀይሩ "ሎሚ ወይ ኣነ ወይ ተኸለንኪኤል ክንሓልፍ ኢና፡ ዛ ውግእ ባዕለይ እየ ዝመርሓ" ክብል ቅድሚ ኹሉ ተገደመ።

ጉዳይም ተጋደልትን መራሕትን ሳልሰይቲ ክፍሊ ዓብደልከሪም ኣሕመድ፣ ሓምድ ንጉሰ፣ ሓምድ ሳልሕ፣ ከሊፉ ኣቡቡርን ካልኦትን ንሓምድ ነታ ውግእ ክመርሓ ምስ በለ ኣይተቓወምዎን። ብቐጸበት ከኣ ነታ ሓይሊ ኣብ ኣርባዕተ ድልዱላት ጋንታታት መቐሊን። ካብ ሰሜን ወገን ናይታ ዓዲ ተበጊሶም ከኣ ነታ ኣብ መንገኣም ዝበረት ሩባ ክቆጻጸሩ ክብሉ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ቀዲሞም ሓዞማ ሞርታራት ተኸሊሞም ክትከሱሎም ጀመሩ። ዝ ሰዒቡ ጽዕጹዕ ውግእ ተኸፍተ።

ኣብቲ እዋን'ቲ መራሒ ውግእ ሬድዮ ርክብ ሒዙ ኣብ ድሕሪት ኮይኑ ኣይካኣን ውግእ ዝመርሕ ዝበረ። ሬድዮ ዝበሃል እውን ኣይነበረን። ዕማም መራሒ ቅድሚት ኣቲኻ በማባ ምድርባይ እዩ። ፍርቂ ሰዓት ኣብ ዝወሰደ ናይ ኣድ ብኣድ ውግእ ዕሉል መራሒ ጣንዳ ተኸለንኪኤል ዝርከቦም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ምውታትን ቁሰላትን ኮኑ። ሓምድ ጆምዕ እውን ብጅግንነት እናተዋግአ ተሰውኡ። ካልኦት ሽዱሽተ ተጋደልቲ እውን ተሰውኡ። ሽዱሽተ ድማ ተወግኡ።

ሰዓት ኣርባዕተ ምስ ኮነ ተጋደልቲ ስውኣት ቀበሮም፡ ውጉኣቶም ተሰኪሞም ካብታ ዓዲ ንምዕራብ ሸንኽ ገስገሱ። ከቢድ ክሳራታት ዝተሰከመ ጸላኢ እውን ንሰሜን ገጹ ኣዝለቐ። ኣብዚ እዋን ድማ እዩ ንጅግንነት ተጋደልቲ ብዓይኑ ዝርኣየ ህዝቢ ላዕላይ ባርካ ንሳልሰይቲ ክፍሊ ብስም መራሒኣ ብደርፈ ዝሞጎሶ። ንዓብደልከሪም ከኣ "ሰዚ ፋሉ" ትብል ቅጽል ለገቦ።

*ዓብደልከሪም መጻ ሰዚ ፋሉ*
*ብሬን ኣቡ ዓሸራ እብ ደናና*
*ሳትር ይኣምሩ እትካራሩ*
*ዓድር ሓምስ ቀትላ እብጦሩ*

*ሓርፋፍ ትርጉም*
*ዓብደልከሪም መጺ ጸቡቕ ፋሉ*
*ብሬን ኣብዓሸራ ምስ ዝናሩ*
*መኸወሊ ኒዩፈልጥ መደቀሲ*
*ብደዉ ዓሰርተ ሓሙሽተ ቀታሊ*

### እድርባን ማሕሙድ ጀንጀርን

ኣሰታት ሚእቲ ዝኣኽሉ ኣባላት ካልኣይቲ ክፍሊ ካብ ሰበር ተበጊሶም ብመንገዲ እንገርገን ዓደርደን ንኣሸራ ኣተዉ። ኣብ ዝኣተውዎ ዓዲ ንህዝቢ ብዛዕባ ገድሊን ዕላማታቱን ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ድሙ ነቲ ህዝቢ ብብሃይማኖቱ ኣምሒሎም ሰርዑዎ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ተጋደልቲ ንሓንቲ ካብ ከረን ብኣሸራ ናብ መንሱራ ትሓልፍ ዝበረት ኣውቶቡስ ደው ብምባል ንተሳፈርቲ ዕላማኦም ገሊጾም ኣፋነዉዎ። እንተኾነ ኣብታ ኣውቶቡስ ዘይፈለጥዎ ሓደ ሲቪል ዝተኸደነ ፖሊስ ነይሩ። መንሱራ ኣትዩ ከኣ ብቐጥታ ሓበሬታ ኣመሓላለፈ። በዚ ድሙ ተዋጋኢ ሓይሊ ካብ ከረን ተበገሰ።

እቶም ተጋደልቲ ኣንፈቶም ንከባሳ እዩ ዝነበረ። ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሕኦም ዓድታት እናኸሰሱ ጉዓዞም ጸዕዳ (እምባ ስላስ) ሓሊፎም ቤለው ኣብ ትብሃል ዓዲ ናይ እድርባ ኣተዉ። ሽዑ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንግሆ 25 ታሕሳስ 1965 ነቶም ዋርድያ ኣውጺኦም ኣብ ሩባ ኣዕሪፎም ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓደጋ ወደቑዎም። ካብ ንግሆ ሰዓት 8:00 ክሳብ 10:30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ድማ ሽዱሽተ ተጋደልቲ ተሰውኡ። ሓደ መትረየስ ምስ 106 ጠያይት፡ ክልተ ዲሞትሪፎር ጠበንጃ ምስ 218 ጠያይት፡ ከምኡ'ውን ሓንቲ ኣልቢን ምስ 67 ጠያይት ካብቶም ተጋደልቲ ተማረኸ። ኢትዮጵያ እውን ሓደ ሓለቃ ዓሰርተን ሓደ ተራ ወተሃደርን ተቐቲሎሙ ሓደ ድማ ቆሰለ።

ድሕሪዚ ተጋደልቲ ፋሕ ኢሎም ናብቲ ዝተበገሱሉ ንሰበር ከዘልቑ ጽርግያ ከረን ሓጋዝ ኣብ ዝቖርጹሉ ዝበሩ ኣብ ጡ ካልእ ድብያ ኣጋጠሞም። ሓደ ጸብጻብ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ ናይ ጡ ግጥም ሳልሕ ዓሊ በኺት ዝበሃል ላዕለዋይ ሓላፊ ተጋደልቲ ከም ዝተቐትለ ይጠቅስ። ሳልሕ ዓሊ በኺት ተባዚሉ ዝተገልጸ ተጋዳላይ ሓቀኛ ስሙ ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር እዩ። ማሕሙድ ፖለቲካዊ ኮሚሽነር ካልኣይቲ ክፍሊ ዝበረ እዩ። ኣብ ከረን ካብ መጨረሻታ ሓምሳታት ክሳብ መፋርቕ 1962 ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣብ ዝግበር ዝበረ ወዱብን ዘይወዱብን ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ቀንዲ ተዋሳኢ ዝበረ ድማ እዩ። ፈለማ ኣብ ማሕበር ሸውዓተ፡ ቀጺሉ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኣብ ዝተወደበሉ ብዘውፈዮቶ ዝተቓለሰ እዩ።

### ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር

ማሕሙድ ጀንጀር፡ ኣብ ከረን ብጸጥታ ኢትዮጵያ ምስ ተደልየ ናብ ሱዳን ኣምለጠ። ምስ ብዙሓት ካልኦት ብጾቱ ከኣ ኣብ 1964 ንወተሃደራዊ ታዕሊም ካብ ሱዳን ብመንገዲ ፖርት ሱዳን ናብ ስዑዲ ዓረብ ሰጊሩ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ወተሃደራዊ ታዕሊም ሶርያ ተዓለመ። ጸብለል ካብ ዝበሉ ተቓለስቲ ሓደ ስለ ዝበረ ከኣ፡ ምስ ብጾል ሓምድ ሑሴን፡ ዑመር ሓጅ እድሪስ፡ መሓመድያሲን ኣልሓጅ ሳልሕ፡ ሑሴን ዳፍር፡ ማሓመድ ጣህር፡ ዓብደልቃድር ሮሞዳን፡ ዓብደላ የሱፍ፡ ዓብዱ ያዴታ፡ ኣሕመድ ዑመር ኣደም ፍሉይ ተወሳኺ ስልጠና ወሰዱ። ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ፖለቲካዊ ኮምሽነር (ሳልሳይ ዝለዓለ ሓላፊ) ካልኣይቲ ክፍሊ ኮይኑ ኣገልገለ። ኢትዮጵያ ንማሕሙድን ብጾቱን ሬሳኦም ናብ ከረን ብምምጻእ እያ ሰቒላቶም። ሬሳ ማሕሙድን ብጾቱን ኣብ ማእከል ዕዳጋ ከረን ተንጠልጢሉ ወዓለ። ኣሕዋቱ፡ ኣዕሩኽቱን ፈለጥቱን ማሕሙድ ከም ዝተሰውአ ብዓይኖም ርእዮም። ኣብ ጅብኡ ብዝተረኽበት ወረቐት ከኣ ክሳብ ዓሰርተ ዝበጽሑ መንእሰያት ናይታ ከተማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኑ። ማሕሙድ ንኣሸራ ኣብ ዝኸደሉ ዝበረ እዋን ንሰሌማን መሳ ሓጅ ካብ ከረን ጸዊዑ ኣብ ዓደርደ ብምስጢር ረኺብዎ ነይሩ። እቶም ድሕሪ መሰዋእቱ ዝተኣስሩ ከኣ ንከረን ከይዶም ዝተመርጹ ሓዳስ ኮሚቴ ነበሩ። እቲ ጉዳይ ሰሌማን መሳ ሓጅ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ ነይሩ። ንሱ'ዉም ግን ብምንታይ ምኽንያት ከም ዝተኣሰሩ ከይፈለጡ ብዙሕ ተሳቐዩ።

### መስዋእቲ ሓርበኛ ጣህር ሳልም

ኣብቲ ክፍልታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝቖሙሉ እዋን'ዩ። ካብ ናቕፋ ዝወፈሩ ኣሃዱታት ኮማንደስን ጦር ሰራዊትን ብ5 ሕዳር 1965፡ ኣብ ኣግራዕ ምስ ጋንታ ሃይኣት ተድሪብ (ክፍሊ ታዕሊም) ተጓነፉ። ኣብቲ ዝተጉበረ ግጥም ተጋደልቲ ኣብ ልዕሊ ኮማንደስን ጦርሰራዊትን ላዕለዋይ ኣድ ሓዙ። ንመራሒ ናይቲ ጉጅለ ዝበረ ግላው ዝተባህለ ናይ ጦር ሰራዊት ትለንትን ካልኦት ካብ ኮማንደስን ድማ ቀተሉ። ኣብዚ ዕውት ውግእ ካብ ተጋደልቲ መራሒ ናይቲ ኣሃዱ ዝበረ ተጋዳላይ ጣህር ሳልም እዛዘ ተሰውኡ።

ስውእ ጣህር ሳልም ሓደ ካብቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝበሩ ኤርትራውያን ዓሰከር እዩ። ከም ዝዘንቶ፡ ሓደ ግዜ ጣህር ምስ ብጾቱ ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣንጻር ተቓወምቲ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ዝገጠሙሉ፣ ንሙብዛሕትኦም ክማሩኽዎምን ክቐትልዎምን ከለው፡ ካብ ሓደ ከቢድ ተቓውሞ ኣርፎም። እቲ ኣብ


ስውእ ጣህር ሳልም

ሓንቲ ገረብ ተኸዊሉ ክሳብ ጥይቱ ዝውድእ ዝተታኸሰ መጨረሽታኡ ተማረኸ። ጣህር ሳልም ሽዑ ነቲ ዕርቃኑ ጥራሕ ትኽውል ጨርቂ ዝተኸደነ ምሩኽ 'እዚስ ክንደዚ ክብደ'ሃና' ብምባል 'ስለምንታይ ኢደካ ሃብ ተባሂልካ ኣቢኻ?' ኢሉ ብሕርቃን ሓተቶ። ምሩኽ ግን ከምህ ዝበል ኣይነበረን "ለ እሰልም፡ ኣና እሓርብ ለበለዩ? "ስለምንታይ ኢደይ ዝሁብ ንዝገረይዶ ኣይኮንኩን ዝቃለስ ዘለኹ" መለሰሉ።

መልሲ ናይዚ ምሩኽ ንጣህር ኣብ ህይወቱ ነጥቢ መቐይሮ ምንባሩ ይዝንቶ። "ጥራሕ ዝቡ ሃገረይ ዝበለ ኣነ'ኸ" ትብል ሕቶ ንኣእምሮኡ ኣናወጸቶ። ድሕሪ'ዚ ምስ ገለ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝበሩ ኤርትራውያን ንሱ ዝመራሓኡ ማሕበር ምትሕግጋዝ መስረተ። 'ሓራካ' ምስ ተመስረተት ከኣ እቶም ወተሃደራት ብመሪሕነት ጣህር ኣብ ሓራካ ተወዲቦም ብንጥፈት ተዋስኡ። ኣብቲ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ንምትእስሳር ዝተገብረ ጻዕሪ ጣህር ሳልም መሪሕ ግደ ነበሮ።

ጣህር ሳልም ገና ኣብ ሰራዊት ሱዳን እንከሎ፡ ዓመታዊ ዕረፍቲ ወሲዱ፡ ካብ ከሰላ ብተሰኒይ ኣብሉ ኣስመራ ካብኡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምብጻሕ ምስ ኣገደስቲ ውልቀ ሰባት ዘትዩ ንምጅማር ብረታዊ ቃልሲ እኹል መጸናዕቲ ኣካይዱ ብጅቡቲ ናብ ፖርት ሱዳን ምምላሱ ይፍለጥ። ኣብ ከሰላ ኣብቲ ንሱ ዝኣዘዞ ነቑጣ፡ ብጸልማት፡ ኤርትራውያን ብዛዕባ ሃገሮም ምስጢራዊ ኣኼባታት ክካይዱ የፍቅደሎም ነበረ። ምስ ሰራዊት ሱዳን ዝበሮ ኩንትራት ክሳብ ዝውዳእ ድማ ኣብ ከሰላ ኮይኑ ነተን ኣብ ሜዳ ዝበራ ጋንታታት መሪሑን ኣወሃሂዱን። ኩንትራቱ ምስ ወድአ ድማ ናብ ሜዳ ቃልሲ ተጸንበረ። ተለንተ ጣህር ሳልም፡ ኣብ ዘመን ክፍልታት ንክፍሊ ታዕሊም ክመርሕ ተመዚዙ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ብጅግንነት ዝተሰውአ ሓርበኛ እዩ።

ይቕጽል

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ልምዓት እዮብ፡ ቦኽሪ ኢንተርናሽናል ዳኛ ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ

ዮናስ ሃይለ (ፒፖ) ንኡስ ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል

ኣብ ኤርትራ ካብ ዘለዉ ዳያኑ ኩዕሶ መርበብ፡ እቲ እንኮ ኢንተርናሽናል ዳኛ እዩ። ጉድኒ ጉድኒ ዳንነት ከኣ፡ በዚ ዘለዎ ሞያ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታትን መኩንንን ገስጋስን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ብምግልጋል፡ ስልጠና ይህብ፡ ኢንተርናሽናል ዳኛ ልምዓት እዮብ።

ልምዓት፡ ብቑልዕነቱ'ዩ ምስ ስፖርት ተላልዩ። ዝሰዓዮሉ ግዘውቲ ኣብቲ ብዙሕ ዓይነታት ስፖርት ዝዘውተረሉ ከተማ ወይ ኣስመራ መሐዝብሲ ማእከል (መዋኛ) ዝብሃል ዝበረ'ዩ። ካብቲ ብዙሕ ዓይነታት ስፖርት ከኣ፡ ቡቲ ክልተ ብኽልተ ዝጽወት ኩዕሶ መርበብ ተሳሒቡ፡ ናይ መጀመርታ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ላልምባ (እድጋት) ዝዘዘመ ልምዓት፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ሓርበኛታት ምስ ተሰጋገረ፡ ኣብ 1992-93 ንቤት ትምህርቱ ወኪሉ ኣብ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ክሳተፍ ጀመረ። ኣቲ ዓውዲ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት እውን ቀጸለ። ኣብቲ ዝተኻየደ ውድድራት ቤት ትምህርቶም ዕውትቲ ክትከውን እንከሎ፡ ልምዓት ከኣ፡ ንሕርይቲ ጋንታ ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ክውክል ተሓረየ።



ኣብ 1994 ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ከኣ ንዞባ ማእከል ወኪሉ ተጻወተ። ንጸወታታት ኩዕሶ መርበብ ሞያኡ ክኸውን ዝሓረየ ልምዓት፡ ኣብ 1995 ጋንታ ባርካ ትብሃል ናይ ካልኣይ ዲቪዥዮን ጋንታ ብምምስራት፡ ኣብቲ ንፈለማ ግዜ ዝተኻየደ ውድድር ካልኣይ ዲቪዥዮን ዞባ ማእከል ብምስታፍ፡ ቀዳማይ ደረጃ ሒዞም ኣቲ ውድድር ዛዚሞም። ብድሕሪ'ዚ ናብ ቀዳማይ ዲቪዥዮን ብምስጋር ውድድር ከኪይድ እኳ እንተጀመረ፡ እቲ ዝተጀመረ ሻምፕዮን ከይተወደአ እንከሎ ግና፡ ሃገራዊ ገቡኣይ ክፍጽም ብምባል፡ ኣብ 1996 ምስ ኣባላት ሓሙሻይ ዘርያ ናብ ሳዋ ወረደ። ብፍቕሪ ኩዕሶ መርበብ ዝተውሓጠ ልምዓት፡ ኣብ ሳዋ'ውን ንኣልሳይ ክፍለ ሰራዊት ወኪሉ ተጻወተ።

ልምዓት፡ ድሕሪ ሳዋ ናብ ክፍለ ሰራዊት 21 እዩ ተመደበ። ጉድኒ ጉድኒ ናይ ምክልኻልን ልምዓታዊ ስራሕን ከኣ፡ ኣቲ ካብ ንእስነቱ ዝፈለሞ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ምስ ኣሃዱኡ ኩይኑ ቀጸለ። ኣብቲ ብደረጃ ግንባር ዝካየድ ዝነበረ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ንክፍለ ሰራዊቱ ብምጽዋት፡ ኣብ ብዙሕ ውድድራት፡ እታ ጋንታ ቀዳመይትን ካልኣይትን ኩይና ክትወጽእ ልዑል ግደ ኣበርኪቱ። ልምዓት፡ ካብ ናይ ክፍለ ሰራዊት ውድድር ብምስጋር፡ ኣባል ጋንታ ብድሆ ኩኑ። ብድሆ፡ ኣብ 2001 ከምኡ'ውን ኣብ 2002 ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከይተሳዕረት ዋንጫ ክትዓትር እንከላ፡ ኣብ 2003 ከኣ፡ ሓንሳብ ጥራይ ብጋንታ ሳዋ ተሳዒራ ንሳልሳይ ግዜ 'ሃትሪክ' ብምስራሕ ዋንጫ ኣልዒላ። ኣብዚ ተኸታታሊ ዓወት ድማ፡ ግደ ልምዓት ልዑል ከም ዝነበረ መጻወትቱ ይገልጹ።

ልምዓት፡ ኣሃዱኡ ክፍለ ሰራዊት 21 ናብ እዚ ምዕራብ ስለ ዝተቐየረት፡ ንሱ ከኣ፡ ኣባል ጋንታ መኸተ ብምዃን ጸወታኡ ጀመረ። እቲ ናይ ዓወት ባህሉ'ውን ኣብዛ ሓዳስ ጋንታኡ ኣይተጋደፎን። ኣብ 2006ን 2007ን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል፡ መኸተ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ክትደምቕ ኣኽኢላ። ብተወሳኺ ኣብ 2007 ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዝተኻየደ ሻምፕዮን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ መኸተ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተደራቢት ዋንጫ ክተልዕል እንከላ፡ ልምዓት ድማ፡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዝተውሃበ ሽልማት ብሉጽ ተጻወታይን ብሉጽ ኣጠየያምን ተባሂሉ ተሸለመ።

ጉድኒ ጉድኒ ውድድራት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝካየድ ውድድራት'ውን ማልያ ጋንታታት ብድሆን መኸተን ለቢሱ ብምጽዋት፡ ተሸለምቲ ክኸውን ሓጊዙ።

ልምዓት፡ ብሰንኪ ብዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ፡ ካብቲ ዝፈትዎ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ኣብ 2011 ተሰናበተ። እንተኾነ፡ ፍቕሪ ናይቲ ሞያ ስለ ዘይሰደዶ፡ ኣሰልጣኒ ኩይኑ ተመለሰ። ንጋንታ መኸተ ከኣ፡ ከም ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ብምዃን ክመርሓ ጀመረ፡ ክሳዕ 2014 እውን ኣለየ።

ልምዓት፡ ብዘበርሮ ተመኩሮ ኣሰልጣኒ ኩይኑ እናዓየየ እንከሎ፡ ብደረጃ ክፍለ ሰራዊት ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ክዳኒ ጀመረ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ፡ ንቲ ይካየድ ዝነበረ ውድድራት ክዕዝብን መኣረምታ ክህብን ካብ መ/ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል ዝመጸ ዳኛ የናስ ሓገሰ ንልምዓት ተዓዚቡ። ኢቃውምኡን ምልክት ኣተሓሕዛ ናይ ኢድ ፊሽካን ብምርኣይ ከኣ፡ ብምሉእ ብቕዓት ዳኛ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምሕባር ተስፋ ሃቡ። ናይ ቀረባ ፈለጥቱን ኣዕሩኽቱን ድማ፡ ብሓሳብ የናስ ብምስምማዕ ናብቲ ሞያ ክኣቱ ደፋፍኡዎ። በዚ ዝተተባበዐ ልምዓት፡ ኣብቲ ብ19 መስከረም 2011 ዝተኻየደ ስልጠና ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ብምስታፍ፡ ቀዳማይ ተርታ ሒዙ ብምውጻእ፡ ዝ. ስሙ ኣጸዊዑሉ ዘሎ ዓውዲ ዳንነት ምሉእ ብምሉእ ኣሃዱ ብምባል ኣተዎ።

ዳኛ ልምዓት፡ ዝጸንሖ ተመኩሮ ሓጊዙዎ ኣብ ዳንነት ብዙሕ ኣይተሸገረን። ብብቕዓቱን ርእሰ ተኣማንነቱን ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ውድድራት ዳነየ። በዚ ከይተዛየ ንሞያ ዳንነት ንምዕባይ ሓርኮትኮት ኣብ ምግባ'ውን ተጸምደ። ልምዓት፡ ኣብ መጋቢት 2014 ካብ ፍሊፒንስ ብዝመጹ ኢንስትራክተር ኣብ ዝተውሃበ ስልጠና ናይ ሃገራዊ ዳኛ ክሳተፍ እንከሎ፡ ቀዳማይ ተርታ ኮይኑ ብምውዳእ፡ ወርቂ መዳልያ ተሸለመ።

ዳኛ ልምዓት እዮብ፡ ጉድኒ ጉድኒ ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ውሽጢ ገዛ ከም ዳኛ ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ኩይኑ'ውን ሰርሐ። ብዘርኣዮ ናይ ዳንነት ጥበብ ከኣ፡ ኣቲ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ 2020ን 2021 ዝተኻየደ ናይ ዞን ሓሙሽተ ውድድር ሃገራት ኣፍሪቃ ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ከም ካልኣይ ዳኛ ኩይኑ ክመርሕ ተመዘዘ።

ገዳም ተጻዋታይ ኩዕሶ መርበብ ክለባት ሰነንያን ሓሬናን ዝነበረ ኣፈወርቂ ተስፋሚካኤል፡ "ልምዓት ምስ ጋንታኡ ኮይኑ ብሉጽ ኣጠየያማይ ከም ዝነበረ፡ ብተወሳኺ ናብ ዳንነት ምስ ተሰጋገረ ድማ፡ ብብሉጽነት ዝመርሕን እዩ" ክብል ንልምዓት ይገልጾ።

ልምዓት፡ ኣብ ዳንነት ብዘወሰዶ ስልጠናን ብዘጥዮር ዘርኣዮ ብቕዓትን፡ ብሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሚኒስትሪ



ዓለም (FIVB)ን ኮንፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኣፍሪቃን (CAVB) ዝተዋህበ ስልጠና ኢንተርናሽናል ዳኛ ናይ ዘይብለን ሃገራት ኣፍሪቃ ንኽወስዶ፡



ልምዓት፡ ካብ ጸጋም ካልኣይ

ትምህርቲ፡ ኣዕለምቲ ትካላት ትምህርቲ፡ ብፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራን ተወዲቡ ኣብ ዝካየድ፡ ኩዕሶ መርበብ ውሽጢ ገዛን ገምገም ባሕርን ከም ዳኛ ኩይኑ መሪሑ እዩ። ብዘርኣዮ ብቕዓት ድማ፡ ብሉጽ ዳኛ ተባሂሉ ዓባይ ታርጌታ ተሸለመ።

ዳኛ ልምዓት እዮብ፡ ዳኛ ኩይኑ ኣብ ዝመርሖ ውድድር ዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት ዝተዓዘበ ኣብ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ ሓላፊ ዳንነት ኣቶ ብንያም የማ ምስ መሳርሕቱ ብምዃን፡ ናብቲ ብምትሕብባር ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2024 ናብ ሃገረ ሞሮኮ ሰደዶ። ኣብቲ ስልጠና ካብ 21 ሃገራት ዝመጹ 25 ሰልጠንቲ ተሳቲፎም። 12 ሰልጠንቲ ጥራይ ብዓወት ዛዚሞም። ልምዓት እዮብ ከኣ፡ ካብቶም ዚ. ስልጠና ብዓወት ዝዘዘሙ ሓደ ብምዃኑ፡ ናይ ፈለማ ኢንተርናሽናል ዳኛ ኩዕሶ መርበብ ኣብ ኤርትራ ክኸውን በቒዑ።

ኢንተርናሽናል ዳኛ ልምዓት፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ከም ዳኛ ኩይኑ ክሰርሕ እንከሎ፡ ፍልጠቱን ክእለቱን ናብ ካልእ ንምስግጋር ስልጠና ይህብ እዩ። ብመንገዲ መ/ሓ/ጉ/ሚ/ም፡ ፈ/ኩ/መ/ዞባ ማእከል፡ ፈ/ኩ/መ/ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ፈ/ኩ/መ/ዞባ ጋሽ ባርካ ከምኡ'ውን ቤት ማእሰርት ተሃድሶን ተወዲቡ ኣብ ጸጸራት ንዝርከቡ ተኣረምቲ ዝተዋህበ ትምህርቲ ኩዕሶ መርበብ ውሽጢ ገዛን ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕርን ከም ኢንስትራክተር ኩይኑ ስልጠና ሂቡ። ብተወሳኺ ብዞ/ፈ/ኩ/መ/ኤ ኣብ ዘዳለዎ ናይ መሐደሲ ዳንነት ስልጠና ይህብ። ልምዓት፡ ኣብ 2025 ሻምፕዮና ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝበረሉ ውድድራት ከም ዳኛ ኮይኑ ብብቕዓት ብምምራሕ ብሉጽ ዳኛ ተባሂሉ ክሽለም በቒዑ እዩ።



ልምዓት፡ ኣብረኾም ካብ ዘለዉ ካብ የማን ካልኣይ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ካልኣይ ዙርያ ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ይቕጽል

ኣብ ከተማ ከረን ብውዕወዕ መንፈስ ዝሰላሰል ዘሎ መበል 16 ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ናይ ካልኣይ ዙርያ ግጥማቱ ብሰኑይ 15 መስከረም ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ኣብ ስታድዮም ከረን (ጆኮ)ን ሜዳ ስፖርት ግራንድ ሆቴልን ቀጺሉ።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ናይ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ፈለማ ዝተጋጠማ ጋንታታት ሓፊናን ንስሪን እየን። ሓፊና ኣብ መበል 3፡13፡16፡34ን 88ን ደቓይቕ ብመገዲ ፍትሓዊት ተወልደ ሓንቲ ሸቶ፡ ራሄዋ ገ/ኪዳንን ትዕግስቲ ኣብርሃለይን ከክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ብጠፊሕ ወጽኢት ኣብ ልዕሊ ንስሪ 5-ብ0 ደሚቓ። ኣብዚ ግጥም እዚኣ ተጻዋቲት ሓፊና ትዕግስቲ ኣብርሃለይ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ። ቀጺለን ዝተጋጠማ ጋንታታት ዓምበርበብን ክንፈን እየን። ብወገን ክልቲአን ጋንታታት ዝተመዝገበ ሸቶ ኣይነበረን። ኣብዚ ግጥም ካብ ዓምበርበብ ሜላት መድሃኔ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ። ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ግጥም፡ እታ ካብ ምድባ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እትርከብ ሰንጮቕን ንስሪን ገጢመን። ጸወታ ሚዛናዊ እኳ እንተነበረ፡ ሰንጮቕ ግን ንልዕሊ ንስሪ ብዝበዝሐ ክትከሓኽሓ ተራእያ እያ። ንስሪ ድማ ሸቶ ከይምዝገቦም ማዕጾኦም ምክልኻሎም ኣብ ምድልዳል ተጸሚዶም። ጸወታ ድማ 0-ብ0 ተዛዚሙ። ኣሮን ዐሰማን ካብ ንስሪ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ። ቀጺለን ዝተጋጠማ ጋንታ ክንፈ ምስ መኸተ እየን። ኣብ መበል 36 ደቒቕ ተጻዋታይ ጋንታ ክንፈ ኬቨን ዘኸሸና ኩዕሶ በረኸት ናብ ብልጽቲ ሸቶ ቀዩሩዋ። ናብ ዕረፍቲ ድማ ብመራሕነት ክንፈ 1-ብ0 ወጹ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣብ መበል 47 ደቒቕ ተጻዋታይ መኸተ ብዮማን ካብ ወዲ ጋንታኡ ዝተዓደለቶ፡ ሸቶ ክትምዝገብ ሰፊሕ ዕድል ዝበራ ኩዕሶ ኣባኺንዎ። ተጻወትቲ መኸተ ዝተመዝገበዩም ሸቶ ንምሕዋይ ንልዕሊ ክንፈ ብተደጋጋሚ ክወሩዎ ተራእዮም። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ተጻዋታይ መኸተ ብሸነኽ ማእዝን ዝሃረማ ኩዕሶ ኣብ ከባቢ ልዳት ዕግሾግሽ ድሕሪ ምባኡ የናታን ተኸስተ ነቲ ዕድል ተጠቒሙ ናብ ሸቶ ለወጦ። ጸወታ 1-ብ1 ኮነ። ኣብ ዝተረፈ ግዜ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ ጸወታ 1-ብ1 ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ተጻዋታይ ክንፈ ኬቨን ተኸስተ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።





እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል እውን ግጥም ኩዕሶ መርበብ ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሰንጮቕ ንንስሪ 2-ብ0፡ ሳዋ ንብደሆ 2-ብ1 ክስዕርአን እንከለዋ፡ ዓምበርበብ ንሽዕላ፡ ክንፈ ንከፈር ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3-ብ0 ተዓዊተናሎን። ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል፡ ጸባሕ ረቡዕ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ከምዝቕጽል ወከል ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ጎ/ሚኒ/ምክልኻል ካብ ከተማ ከረን ሓቢሩ።

## ኣውስትራልያዊት ክለብ መልበርን ቪክትሪ፡ ንጃን ማታ ኣፈሪማቶ




ምስ ኤ ሊግ ክለባት ኣውስትራልያ ዝጻወት ኣኸፋፋላይ ቸልሲን ማንዩናይትድን ነበር ስፓኛዊ ጃን ማታ፡ መልበርን ቪክትሪ ከምዝፈረሞቶ ሓቢራ።

እዚ ወዲ 37 ዓመት ኣኸፋፋላይ፡ ኣቐዲሙ ምስ ኤ ሊግ ዌስተርን ሰድኒ ዋንደረርስ ኣብ ዝሓለፈ ወቕቲ ጸወታ ኣብ 23 ግጥማት ዝተሰለፈ ኮይኑ፡ ራብዓይ ተርታ ሐዛ ክትሓዝም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ወላኳ ውዕሉ ከይዛዘመ ምስ መልበርን ሓደሽ ውዕል የጋይድ፡ ተወሳኺ ዓመት ኣብታ ሃገር ክጸንሕ'ዩ። ማታ ኣቐዲሙ ምስ ክለባት ቫለንስያ፡ ቸልሲን ማንዩናይትድን ከምዝነበረ ይፍለጥ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ተሰሊፉ ድማ ጸዋእ ዋንጫ ዓለም 2010ን ሻምፕዮንሽፕ ኣውሮፓን ክዩትር ዝወቕዐ ተጻዋታይ'ዩ።

ኣሰልጣኒ ክለብ ቪክትሪ ኣርተር ዲያስ፡ "ማታ ብዙሕ ተመኩሮን ብቕዓትን ኣዝዩ ዝዕድ ተጻዋታይ'ዩ። ዚ ምውናንና ኣዚና ዕድለኛታት ኢና።" ኢሉ።

ማታ ካብ 2011 ክሳብ 2014 ምስ ቸልሲ ኣብ 82 ግጥማት ፕሪመርሊግ ኣብ ዝተሰለፈሉ፡ 18 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ተዓዊቲት ሻምፕዮንስሊግ፡ ኤፍኤ ካፕን ሊግ ኣውሮፓን ክትከውን ኣኽኢሉዋ'ዩ። ምስ ዩናይትድ ክሳብ 2022 ኣብ ዝጸንሐ ድማ፡ ኣብ 196 ጸወታታት ፕሪመርሊግ 34 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ጸዋእ ኤፍኤ ካፕ፡ ኢኤፍኤል ካፕን ሊግ ኣውሮፓን ክትዕወት ልዑል እጃም ምብርካቱ ይዝከር።

## ኣልቫሪዝ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ዝካየድ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኣይክስለፍን'ዩ

ሎሚ ምሸት ኣብ ዝካየድ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኣትሌቲኮ ማድሪድን ሊቨርፑልን፡ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ጁሊያን ኣልቫሪዝ ከምዘይሰለፍ ኣሰልጣኒ ድያጎ ሲሞን ሓቢሩ።

ኣልቫሪዝ፡ ኣትሌቲኮ ንቪላርያል 2-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ላሊጋ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብኣሌክሳንደር ሶርለስ ተቐዪሩ ምውጽኡ ይዝከር። ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ግጥም ዘይመሰለፊኡ ምኽንያት፡ ኣብቲ ግጥም ናይ ብርኪ ማሕረምቲ ስለዘጋጠሞ ምዃኑ ድማ ምንጮታት ናይታ ጋንታ ድሕረን ንሚድያታት ኣብ ዝሃብኦ መግለጺ ሓቢረን።

እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 10 ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ሸውዓተ ሸቶታት ምምዝጋቡ ይዝከር። ብጠቕላላ ኣብዚን ግጥማት ኣብ 112.9 ደቓይቕ ሸቶ የመዝግብ ምንባሩ ይገልጽ። ብዘይካዚ ኣልቫሪዝ ኣብ 2024 ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ካብ ዝጽንበር እቲ ወዲ ተጻዋታይ ናይታ ክለብ ብምዃኑ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጸወታ 17 ሸቶታት ላሊጋ ኣመዝጊቡ።




## "ማን.ዩናይትድ ኣብ ኢድ ኣሞሪም ምስ ወደቐት ብኢሱዋ" ሩኒ



ሓለቓ ማንዩናይትድ ዝነበረን ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበን ዋይን ሩኒ፡ ማንዩናይትድ ኣብ ምምሕዳር ኣሞሪም ምስ ወደቐት እታ ዝደኸመት ክለብ ኮይና ኢሉ።

ሩኒ ዝ መግለጺ'ዚ ዝሃበ ዩናይትድ ሰኑይ ምሸት ብማንሲቲ 3-ብ0 ድሕሪ ምስዓራ'ዩ። ዩናይትድ ኣብ ዝሓለፈ ወቕቲ ጸወታ፡ 42 ነጥቢ ብምውህላል መበል 15 ተርታ ሐዛ ምዝዛማ ይዝከር። ድሕሪ 1989-90 እቲ ዝተሓተ ተርታ፡ ድሕሪ 1973-74 ድማ እቲ ዝተሓተ ነጥቢ ከም ዘመዝገበት ተንተንቲ ይሕብሩ።

ዋየን ሩኒ ዝ ኣመልኪቱ "ንኣሰልጣኒን ተጻወትትን ናይዛ ጋንታ እወታውን ደገፍን ክኸውን'ዩ ድልየተይ። ይኹን እምበር እዚ ዝርእዮ ዘለኹ ናይ ውድቀት ብቕዓት'ዩ። በዓኣዋሉ ዝርአ ለውጢ የለን። እቲ ዘሕዝን ትዕዝብተይ፡ ደገፍቲ ኣርሰናል ኣብ መንጎ ጸወታ ክወጹን ስም ኣሞሪም ብጸውታ ክረቕሑን ምርኣየይ እዩ። ኣሞሪም ምስ ኑበሱ ቀረቡ እንተዝላዘብ፡ ኣብ ኢዱ ድሕሪ ምውዳቓ ዝኸኣሰት ኮይና ኣላ።" ኢሉ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**
**ሻምፕዮንስሊግ ኤውሮጳ**

ኣሎምፕያኮስ - ፓፎስ 7:45 ድ.ቀ.
ስላቭያ ፕራሃ - ግለምት 7:45 ድ.ቀ.
ቸልሲ - ባየርን 10:00 ድ.ቀ.
ፒ.ኤስ.ጂ - ኣትላንታ 10:00 ድ.ቀ.
ኣያክስ - ኢንተርሚላን 10:00 ድ.ቀ.
ሊቨርፑል - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ.

## በነፊካ፡ ንየርገን ክሎፕ ትብህግ

ዘርኣማርያም ክሰተ

ፖርቱጋላዊት ክለብ በፊካ ንተዓዋቲ ፕሪመር ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ዝኾነ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርመናዊ የርገን ክሎፕ፡ ከም ቀዳማይ ዕላማ ገይራ ትሰርሕ ከም ዘላ ተሓቢሩ።

ካብቶም ናይ ቀጻሊ ፕረዚደንት ክለብ በፊካ ንምኳን ኣብ ምግላጽ ዘሎ ሕጹያት ሓደ ዝኾነ ክሪስቶቫኦ ካርቫልሆ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዝካየድ ምርጫ እንተተዓዊቱ፡ ንየርገን ክሎፕ ኣሰልጣኒ ናይ'ታ ክለብ ክገብሮ ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

ካርቫልዮ፡ "ኣብ ዝቕጽሉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘውዲ ንምድፋእ ዝዋለመ ዓቢ መደብ ሓንጺጹ ክሰርሕ ምኳኑ ክሕብር እፈቱ። ዓለምለኻዊ ደረጃ ዘለዎ ኣሰልጣኒ የድልየና ኣሎ። ኣቐዲሙ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተዓወትን ምስ በፊካ ሻምፕዮንስ ሊግ ክዕወት ዝደሊ'ን። ኣብ ርእሰይ ክኣ ሓንቲ ስም ጥራይ እያ ዘላ፣ ንሱ ድማ የርገን ክሎፕ እዩ። ክሎፕ፡ በፊካ ዓባይ ክለብ እያ ሓደ መዓልቲ ከሰልጥና ይደሊ እየ'ውን ኢሉ ነይሩ እዩ።" ክብል ዕላማኡ ገሊጹ።



ክሎፕ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዓመት-ስፖርት 2023-24 ካብ ሊቨርፑል ምስ ተፋነወ ዛጊት ናብ ምስልጣን ኣይተመልሰን ዘሎ።

## ሊቨርፑል ናይ ማእከል ኣከፋፋሊ ተቋምት

ሊቨርፑል ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኸፈት መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ንኣከፋፋሊ ብራይተን ካርሎስ ባሌባ ክተፈርሞ ድሌት ከምዘለዋ ይገለጽ ኣሎ።

ሊቨርፑል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ በርንለይ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ናይ ማእከል ኣከፋፋሊኣ ኣሌክሰስ ማክ ኣሊስተር መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞ እያ፡ ዝ ሓደሽ ሓሳብ ኣንቂላ ዘላ።




ባሌባ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ መስኮት ምስግጋር ብማንቸስተር ዩናይትድ ይድለ እኳ እንተነበረ፡ ምስግጋሩ ግና ክሰልጥ ኣይከኣለን። እዛ ማንቸስተራዊት ክለብ፡ ሕጂ'ውን ተጉዳስነታ ከምዘየጉደለት ይሕበር።

ሊቨርፑል፡ ዝ ዓመት ስፖርት ምሉእ ጽገና ገይራ ንምቕራብ ልዕሊ 400 ሚልዮን ፓውንድ ዝወሰደ ወጻኢታት ብምግባር፡ ሸሞንተ ሓደስቲ ተጻወትቲ ከም ዘፈረመት ይፍለጥ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ሩስያ ነዳዲ ከይሸምታ ጸዊዑ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ መሻርኽቲ ሃገሩ ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ፌደረሽን ሩስያ ነዳዲ ምሽማት ደው እንተ ኣብለንኦ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ተወሳኺ እገዳታት ክጽድቕ ድሉው ምዃኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ፌደረሽን ሩስያ ተወሳኺ እገዳታት ክትወስን ድልውቲ ምዃኣ፡ እንተ ኾነ እቲ ማዕቀብ ተግባራዊ ክኸውን እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ካብታ ሃገር ነዳዲ ምሽማት ከቋርጻን ትሪ እቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወሰናኦ እገዳታት ከኣ ምስ ናይ ሃገሩ ዝመጣጠን ክኸውን ከም ዘለዎን ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ትራምፕ፡ ኩለን ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ካብ ፌደረሽን ሩስያ ነዳዲ ምሽማት ከቋርጻ ከም ዘለወን ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ እተን ካብ'ተን ምስታ ሃገር ንግዲ ዘካይዳ ሃገራት - ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ህንድን - ናብ ዕዳጋታተን ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ክስልዓ ከም ዝጸወዐ ምንጭታት ይሕብራ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሕብረት ኤውሮጳ ናብ ጽላታት ሰደድ ነዳድን ባንክን ፌደረሽን ሩስያ ዝቐንዐ መበል 19 ዙርያ እገዳ ንምውሳን ኣብ ምድላው ከም ዘርከበ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

## "እስራኤል ንተነጽሎ ድልውቲ ክትከውን ኣለዋ" ናታንያሁ



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሃገሩ ካብ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ንዘመጽኦ ዘሎ ሰፊሕ እገዳታት ንምምካት፡ ኣብ ጽላት ቁጠባኣ ምምዕርራይ ክተካይድ ከም ዘድልያ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝተኻየደ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ዋዕላ ሚኒስትሪ ፋይናንስ እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገራት ዓለም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ብዝዀብርኦ ዘለዋ ልዑል ጸቕጢ፡ እታ ሃገር ብመዳይ ቁጠባ ርእሳ ንኽትክእል ይደፋፍኣ ከም ዘለዋ ገሊጹ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ብእተካይዶ ዘላ ደማዊ ኲናት ዝተቓጥዐ ሃገራት ዓለም፡ ኣብ ልዕሊ እተን ምስ እስራኤል ንግዳዊ ልውውጥ ዘካይዳ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት'ውን ጸቕጢ ብምግባር፡ ነቲ ዝጸንሐ ዝምድና ክሳሕልሓ ምኽኣለን ምንጭታት ይሕብራ።

ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ፕረዚደንት ኮሚሽን ኤውሮጳ ኡርሱላ ፎን ደር ሌየን ንተግባራት እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ብምኹናን እቲ ሕብረት ምስታ ሃገር ንዘጸንሖ ስምምዕ ናጻ ንግዲ ክቋረጽ ምጽዋዓ ዝዝከር እዩ።

## ቻይናን ጋናን፡ ንግዳዊ ምትሕግጋዘን ክሐይላኦ ተሰማሚዐን




ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጋና ሳሙኤል ኦኩደዝቶ ኣብላክዋ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ሃገሩን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን፡ ብዲፕሎማስያዊ ምትእስሳር፡ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ብዝተኾስኮሱ ሓባራዊ መደባት ልምዓትን ደሲፉሕ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጋና ሓንቲ ካብ'ተን ካብ ናጻ ቀረጽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ክረብሓ ዝኸኣላ ቀዳሞት ሃገራት ኣፍሪቃ ምዃና ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ጋናን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ክልተኣዊ ዝምድናኦን ንምምዕባል ኣብ ዝሕግዙ - ከም ምምስራት መንጎባጠሮ ትካል ብኤለክትሪክ ዝሰርሓ ተሽከርከርትን ምጅማር ቀጥታዊ በረራታት ኣብ መንጎኦን ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ዛዕባታት ይዘተያ ከም ዘለዋ ኣዘኪሩ።

ቀጺሉ፡ ኣብ መላእ ጋና እወታዊ ለውጢ ኣብ ዘምጽኡ ፕሮጀክትታት ንዘዘጥፉ ዘለዉ ቻይናውያን ኣውፊርቲ ኣመስጊኑ።

## ሃገራት ዓረብ ህጹጽ ኣኼባ ኣካይደን




ዝሓለፈ ሰኑይ፡ ሃገራት ዓረብ ኣብ ከተማ ዶሓ - ቐጠር ህጹጽ ኣኼባ ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣኼቡ እተን ሃገራት፡ እስራኤል ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቐጠር ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ብምኹናን፡ ምስታ ወሽመጥ ዓረባዊት ሃገር ዘለወን ጥምረት ልዑል ምዃኑ ኣፍሊጠን።

ኣሚር ቐጠር ሸኽ ታሚም ቢን ሓማድ ኣልሳኒ፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ "ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስን ንዛውን ዓለማውን ሰላም ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ቅሉዕ ግሃሰ" ክብል ኩኒኑዎ።

መራሕቲ ሃገራት ዓረብ ንልኡላውነት፡ ጸጥታን ምርግጋእን ቐጠር ዘለዎም ደገፍ ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ፡ እታ ሃገር ንእተካይዶ ናይ ግብረ መልሲ ስጉምቲ ከኣ ከም ዝድግፉዎ ኣረጋጊጾም።

ንኣየም ወሲኾም፡ እስራኤል ኣብታ ሸምጋሊት ሃገር ዝፈጸሞ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ዝቕጽል ዘሎ ደማዊ ኲናት ደው ንምባል ዝካየድ ጻዕርታት ከም ዘዳኽሞ ብምንጻር፡ ሃገራት ዓለም ንተግባራት እስራኤል ክኹንና ጸዊዖም።

ኣብቲ ዋዕላ፡ መራሕቲ ሃገራት ዓረብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣንን ወከልቲ ዞባውን ኣህጉራውን ትካላትን ከም ዝተሳተፉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሽወደን፡ ናይ ምክልኻል ወጻኢታታ ከተዕብዩ ምዃና ኣፍሊጣ



መንግስቲ ሽወደን ኣብ 2026፡ ንወጻኢታት ምክልኻል እታ ሃገር ብ12.87 ቢልዮን ዶላር ክብ ከም ዘብሎ ሓቢሩ።

እዚ ከኣ ካብቲ ሎሚ ዓመት ኣብ ጽላት ምክልኻል ዝተሰልዐ መጠን ባጀት ብ18 ሚእታዊት ዝልዕል ምዃኑ እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ መንግስቲ ሽወደን ኣብ 2026 መጠን ወጻኢታት ምክልኻል እታ ሃገር 2.8 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ጃምላዊ እቶታ ክሽፍን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2028 ናብ 3.1 ሚእታዊት ክዓቢ፡ ኣብ 2030 ድማ ናብ 3.5 ሚእታዊት ክብ ክብል ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ክስሰዕ ተወጢኑ ዘሎ መጠን ባጀት፡ ኣብ ዕድጊ ሓደስቲ መከላኸሊ ኣየር፡ መዳፍዕ ሮኬታት፡ መራኽብ ውግእ፡ መጓዓዝያ ነፈርቲን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ክውዕል ምዃኑ፡ እቲ መንግስቲ ወሲኹ ኣዘኪሩ ኣሎ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 17/09/25 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565